ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.225 ሓሙስ 21 ግንቦት 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ምርኢት ካርኒቫል ኣብ...


ገጽ 4
ምስጢርዓወትና...


ገጽ 5
ናጽነት ኤርትራ፡ ንዘይተወልዱ...


ገጽ 7
ምልክታ

# መራሕቲ ሱዳን፡ ጫድ፡ ህንድን ማላዊን ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም

ኣቦ-መንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን ጀነራል ዓብደልፋታሕ ኣልቡርሃን፡ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ጫድ ማሃማት እድሪስ ደቢ ኢትኖ፡ ፕረዚደንት ህንዲ ድሩፓዲ ሙርሙን ፕረዚደንት ረፓብሊክ ማላዊ ፕሮፌሰር ኣርቱር ፒተር ሙታሪካን፡ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ጸንብል ናጽነት፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

እቶም መራሕቲ ብስሞም፡ ብስም ህዝቦታቶምን መንግስታቶምን ኣብ ዘሰደድዎ መልእኽቲ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ምሉእ ጥዕናን ኣሳልጦ ስራሕን፡ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ሰላምን ራህዋን ድሕሪ ምምናይ፡ ምስ ኤርትራ ክልተኣዊ ዝምድናታት ንምዕዛዝ ዘለዎም ድሌት ገሊጾም።

ኣቦ-መንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን ጀነራል ዓብደልፋታሕ ኣልቡርሃን ወሲኹ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ሱዳንን ንዘሎ ድልዱልን ዓሚቝን ሕውነታዊ ዝምድና ምርኩስ ብምግባር፡ ንረብሓታት ክልቲኡ ህዝብታት ብዘስምር ኣገባብ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ብዝበለጸ ንምምዕባሉ ሓቀኛ ድሌት ሃገሩ ኣረጋጊጹ።

# ኣስመራ - ሃገራዊ ምርኢትን ውድድርን ምህዞን ሰንዓን ተኸፊቱ

“ምህዞ መንእሰያት ንዘበረኽ ልምዓት” ብዝብል ቴማ ብሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ዝተወደበ 3ይ ሃገራዊ ምርኢትን ውድድርን ምህዞን ሰንዓን፡ ትማሊ 20 ግንቦት ኣብ ኣስመራ ተኸፊቱ።

ቑጠባዊ ጸገማት ሕብረተሰብ ዝፍትሽን ዝፈትሕን፡ ከምኡ’ውን ባህሊ መሃዝትን ዓያይነትን ብምዕባይ ሃገራዊ መደባት ልምዓት ኣብ ምቅልጣፍ እጃም ክህልዎ ልዑል ትጽቢት ከምዝግበረሉ ብምጥቃስ፡ ሃማመተኤ

እቲ ቀረብ ዘሎ ትሕዝቶ፡ ቁጠባዊ ረብሓ ዘበርኽ፡ ፍርያምነት ዘድልብ፡ ከምኡ’ውን ሃልክን ወጻኢታትን ዘቃልል ክኸውን ትጽቢት ከምዝግበር ጠቒሳ ድማ፡ እቲ መደብ ክዉን ክኸውን ንዘጸዓሩ ሚኒስትሪታት


ስእሊ-ዮናታን የዕብዮ

ኣብ ማእከል ምህዞን ዋኒንን መንእሰያት ኣብ ዝተኻየደ፡ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ከምኡ’ውን ዕድመ ዝተገብረሎም ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ሚኒስተር ህንጻ ኣቶ ኣብርሃ ኣስፍሃ’ዩ ነቲ ምርኢት መሪቑ ከፊትዎ።

ኣወሃሃዲት ናይ’ቲ መደብ መንእሰይ ሄለን መኾታ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ውድድር ምህዞን ሰንዓን - ማሕበረ-ዓቢ ቁላሕታ ሂቡ ዝሰርሓሉ ኣገዳሲ መደብ ከምዝኾነ ገሊጻ።

ኣብ’ዚ ንክልተ መዓልታት ዝቕጽል መደብ፡ ኣቓዲሞም ምስ ህዝቢ ዝተላለዩ ገዳይም መሃዝትን ሰናዕትን ከምኡ’ውን ሓደስቲ መንእሰያት ስርሓቶም ንምርኢትን ውድድርን ኣቕሪቦም ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡ ብሉጽ ኮይኑ ዝተረኽበ፡ ወለድ ዘይብሉ ልቓሕ ከምዝፍቀደሉ ኣፍሊጣ።

ሕርሻን ትምህርትን ካልኦት ኣካላትን ኣመስጊና።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ኣብ’ቲ ኢጋጣሚ ብዓውድታት ሞያ ኤለክትሮኒክስን ቴክኖሎጂ ኮምፒዩተርን ዝሰልጠኑ 102 ተመሃሮ ተመሪቖም።

ቀዳማይ ሃገራዊ ምርኢትን ውድድርን ምህዞን ሰንዓን ኣብ ወርሒ ለካቲት 2024፡ ካልኣይ ድማ ኣብ ወርሒ ለካቲት 2025 ከምእተኻየደ ዝዝከር’ዩ።



# ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን በዓል ናጽነት ይጽንብሉ

ኤርትራውያን ነበርቲ ቶሮንቶ - ካናዳን ከተማታት ደቡባዊ ስዑድያን፡ “ጽንዓትና ዋሕስና” ብዝብል ቴማ ዝኸረ መበል 35 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ብልዑል ድምቀት ጸንቢሎሞ።

ብ17 ግንቦት ኣብ ከተማ ቶሮንቶ ኣብ ዝተኻየደ፡ ብዕዙዝ ተሳትፎ ዜጋታትን ሱ-ጥባቡውያንን ዝማዕረገ ጽንብል፡ ወ/ሮ ኣማረሽ ሙብራህቱ - ሓላፊት ቈንስላዊ ጉዳያት ኣብ ካናዳ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ጸንብል 35 ዓመት ናጽነትና፡ ንዝተሓልፈ መድረኻትን ከም ህዝቢ ዝኸፈልናዮ ዋጋን እናስተንተንና፡ ብልጽግቲ ሃገር ንምህናጽ ሙብጽዓና እነሐድሰሉ ኢጋጣሚ ከምዝኾነ ገሊጻ።

ኣብ’ቲ ሰቡማዚ ምምሕዳር ናይ’ታ ከተማ ብኣካል ዝተረኽበሉ ኢጋጣሚ፡ ከንቲባ ቶሮንቶ - ኦሊቭያ ቻው (Olivia Chow) ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዳ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ሎሚ ሓሙስ 21 ግንቦት፡ ስነ-ስርዓት ምስቃል ጥንዴራ ኤርትራ፣ 24 ግንቦት ድማ ስፖርታዊ መደባት ንዋንጫ ናጽነት ክካየድ ምዃኑ፡ እቲ ዘጸዋዕ ሓብሬታ ኣፍሊጡ።

ብተመሳሳሊ፡ ማሕበረሰባት ኤርትራውያን ኣብ ከተማታት ደቡባዊ ስዑድያ - ማለት ኸሚስ ምሼጥ፡ ጂዛንን ኣልሃሳን ብ14ን 15ን ግንቦት፡ ንናጽነትን ስለኣ ዝተኸፍለ ረዚን ዋጋን ብዘንጸባርቕ ባህላውን ስነ-ጥባባውን መሰናድኣታት ዝተሰነየ ምዕሩግ ጽንብላት ናጽነት ወዲቦም።

ኣብ’ቲ ኣብኡት ኢምባሲ ኤርትራን ሸማግለ በዓላትን ከምኡ’ውን ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ዝተሳተፍዎ ጽንብላት፡ ነቲ ኢጋጣሚ ዝምልከት መደረታት ቀሪቡ።

ተሳተፍቲ ናይ’ቲ ስነ-ስርዓት፡ ንመኸተ ህዝብን ሓይልታት ምክልኻልን ድሕሪ ምምጓስ፡ ሕድሪ ሰማእታት ንምትግባር ዘለዎም ቅሩብነት ደጊሞም ኣረጋጊጾም።

ብኻልእ ወገን ማሕበረሰብ ኤርትራውያን ኣብ ጁባ - ረፓብሊክ ደቡብ ሱዳን፡ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ናጽነት፡ ኣብ መንጎ 8 ጋንታታት ደቒተባዕትዮ ዝወደቦ ንስሙናት ዝቕጸለን ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ብ16 ግንቦት ተዛዚሙ።

ነቲ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት ንምድማቕ፡ ኣባላት ሃግደኤ ውዕወዕ ጸወታ ጉታ ገመድን ጉያ እግርን ከካይዳ ከለዋ፡ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ማሕበረሰብ ድማ ደርፍታትን ትልሂታትን ብሄራት ኤርትራ ኣቕሪቦም።

ኣብ መወዳእታ፡ ጋንታ ደንደን ዕወት’ቲ ብምዃን ዋንጫ ናጽነት ካብ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ደቡብ ሱዳን ኣቶ ጺጋይ መሓሪ ተቐቢላ።

ጽንዓትና ዋሕስና! !صمودنا ... ضماننا
OUR RESILIENCE: OUR GUARANTEE!

# ጽንብል ናጽነት ኣብ ዞባታት ብዝተፈላለየ መደባት ይቕጽል ኣሎ





ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ጽንብል ናጽነት ብዝተፈላለየ መደባት ኣብ ዝቕጽለሉ ዘሎ፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ማእከል ደንካልያ ብ15 ግንቦት ኣብ ዕዲ፣ ብደረጃ ን/ዞባ ኣራዕታ ብ16 ግንቦት ኣብ ጢዖ፣ ብደረጃ ን/ዞባ ደቡብ ደንካልያ ድማ ብ20 ግንቦት ኣብ ሓርሲሌ ተጸንቢሉ።

ኣደ-መንበር ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓላት ወ/ሮ ሃዋ መሓመድ ንኤሪና ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ መበል 35 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ብድምቀት ንምጽንባል፡ ካብ መወዳእታ ወርሒ ጥሪ ኮሚቴታት ብምቛም ምድላዋት ክካየድ ምጽንሑ ብምግላጽ፡ ናጽነት ንምምጻእን ንምዕቃብን ንዘተሓልፈ ጉዕዞን ዘሰክሞ ሓላፍነትን ብዘዘኻኽር ኣገባብ ይበዓል ከምዘሎ ገሊጻ።

እቲ መደባት፡ ሰሚናራት ንህዝብን ተመሃሮን፡ ኣብ ወፍሪ ደንካልያ ዘተኩረ መደብ ዋርሳ ንሰራሕተኛታት ትካላት መንግስቲ፡ ስፖርታዊ ውድድራትን ኮማዊ ዳሳትን ከምዘጠቓልል ብምሕባር፡ ብደረጃ ዞባ ዝተወደበ ወግዓዊ ጽንብል ብ23 ግንቦት ኣብ ከተማ ዓሰብ ከምዝካየድ ሓቢራ።

ኣብ'ቲ ዕለት፡ ንትርጉምን ርዝነትን ናጽነት ዝገልጽ ስነ-ጥበባዊ መሰናዶኣታት፡ ከምኡ'ውን ምርኢት ወተሃደራዊ ሰልፊ ከምዝህሉ'ውን ኣረጋጊጻ።

መደባት በዓል ናጽነት ኣብ ከተማ ዓሰብ፡ ካብ 23 ክሳብ 26 ግንቦት ኣብ ቀጽሪ ራስ-ጎንቦ ብዝካየድ ፈስቲቫል ደሚቑ ከምዝቕጽል ብምሕባር ድማ፡ እቲ መሰናድኦታት - 10 ጉጅለታት ባህሊ ዝሳተፍኦ ባህላዊ ምርኢት፡ ስእላዊ ምርኢት፡ ከምኡ'ውን ምርኢት ድኩና ኣባይትን ቁሸት መንበርን ከምዘጠቓልል ኣፍሊጣ።

ወ/ሮ ሃዋ ኣብ መወዳእታ፡ መደባት በዓል ናጽነት ዝያዳ ሓላፍነት ብዘሰክምን ብዘስተምህርን መሰናድኦታት ተሰኒዩ ክካየድ ቡቲ ሓደ፣ ኣብ መንእሰያት ጽልዋ ዘሐድርን ምስ ሕሉፍ ታሪኽ ዘላልን ክኸውን ድማ ቡቲ ካልእ፡ ተቓንዩ ከምዘሎ ኣብሪሃ።

መበል 35 ዓመት መዓልቲ ናጽነት፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ንምጽንባል፡ ብደረጃ ዞባ ዓንሰባ እኹል ምድላዋት ከምእተገብረ፡ ኣቦ-መንበር ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓላት ኣቶ ስራጅ ሓጂ ሓቢሩ።

እቲ ድሮ ጀሚሩ ዘሎ መደባት፡ ያታውን ዘመናውን ውድድራት ስፖርት፡ ቅነ ናጽነት ተመሃሮ፡ ካርኒቫል፡ ኮማዊ ዳሳት፡ ከምኡ'ውን ምርኢት ጎደናታትን ሰሚናራትን ከምዘጠቓልል ብምጥቃስ፡ ብደረጃ ንኡሳን ዞባታት'ውን ተመሳሳሊ መደባት ከምዝካየድ ገሊጹ።

ኮዛ ርእሲ ኩለን በዓላትና ዝኾነት ዕለት ንምድማቕ፡ ሃይማኖታውያንን መንግስታውያንን ትካላት ከባቢኦን ይሸልማን የወቅባን ከምዘለዋ'ውን ኣፍሊጡ።

ኣቶ ስራጅ ኣብ መወዳእታ፡ ህዝቢ ቡብከባቢኡ ንዘገብሮ ዘሎ ንጥፈታት መጒሱ።

ጽንብል ናጽነት፡ ብደረጃ ዞባ ዓንሰባ ዝመጽእ 23 ግንቦት ኣብ ከተማ ከረን ክካየድ ምዃኑ፡ እቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ዝተቓኘ ሰፊሕ ምድላዋት ዝተገብረሉ መደባት ናጽነት፡ ካብ ምምሕዳር ከባቢ ክሳብ ዞባ ብጽቡቕ ይሰላሰል ከምዘሎ፡ ኣቦ-መንበር ሽማግለ በዓላት ናይ'ቲ ዞባ ኣቶ እድሪስ ሳልሕ ገሊጹ።

ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣቶ እድሪስ፡ ንተመሃሮን መንእሰያትን ማእከል ዝገበረ መደባት፡ ምሸላም ጎደናታት፡ ባህላዊ መሰናድኦታትን ሰልፊ ሰራዊትን ከምዘጠቓልል ብምጥቃስ፡ ድሮ ካብ 17 ግንቦት ጀሚሩ ይካየድ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ኣብ 14 ንኡሳን ዞባታት ዝተኻየደ ባህላዊ ውድድር ምምሕዳራት ከባቢ፣ ቅነ ተመሃሮን መንእሰያትን፣ ስፖርታዊ ውድድራት፣ መደባት ላዛ ቈልዑ፣ ከምኡ'ውን ብፍሉይ ኣብ ባረንቱ ዝተኣንገደ ቅድድም ኣፍራስ፡ ኣካል ናይ'ቲ ቅንያት ናጽነት ንምድማቕ ዝተዳለወ መደባት'ዩ።

ነበርቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ቅንያት ናጽነት ጻማ ክቡር ዋጋ ስለዝኾኑ፡ ንምድማቑ ኩሉ ካብኣቶም ዝሕተት ከምዝማልኡ ብምርግጋጽ፡ ንተሳትፎ ኮምን ኣካላት መንግስትን ሞጒሶም።

ወግዓዊ ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ብደረጃ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ዝመጽእ ሓሙስ 21 ግንቦት ኣብ ከተማ ባረንቱ ክካየድ ምዃኑ፡ ካብ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ዝተረኽበ ሓበሬታ የመልክት።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ መደባት ጽንብል ናጽነት ኣብ ዞባ ደቡብ ካብ 15 ግንቦት ጀሚሩ ብድሙቕ ኣገባብ ይካየድ ከምዘሎ፡ ኣቦ-መንበር ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ኣቶ ኣብርሃም የውሃንስ ሓቢሩ።

ቅንያት ናጽነት ንምምዕራግ፡ 12 ንኡሳን ዞባታት ዝሳተፍኦ ውድድራት ሓፈሻዊ ፍልጠትን ቅጽበታዊ ግጥሚን፡ ምርኢት ጎደና፡ ምርኢት ሰውራውን ሰነዳውን ፊልምታት፡ ውድድር ቅብኣ፡ ባህላዊ ንጥፈታት ቈልዑን ተመሃሮን፡ ኮማዊ ዳሳት፡ ከምኡ'ውን ህዝባዊ ጓይላ ዘጠቓልል መሰናድኦታት ቡብዕለቱ ይቐርብ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ምምሕዳራትን ወነንቲ ትካላትን ከተማታቶም ንምምዕራግ ንዘካይድዎ ዘለዉ ንጥፈታት መጒሱ።

ኣቶ ኣብርሃም ኣስዒቡ፡ ብ22 ግንቦት ብደረጃ ዞባ ኣብ ስታድዩም መንደፈራ ኣብ ዝካየድ ወግዓዊ ጽንብል፡ ልዕሊ 250 መንእሰያት ዝሳተፍዎ ስነ-ጥበባዊ መደባት፡ ድራማን ትልሂትን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሃገረ ቻይና ዝሰልጠኑ ኣባላት ሰርከስ ንኡስ ዞባ ማይምነን ሰንዓፈን ምርኢት ከቕርቡ ምዃኖም ሓቢሩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቊ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጸ. 1284

# መንደፈራ - ኣበርክቶ ምምሕዳራት ከባቢ ኣብ ሃገራዊ መደባት ተመጒሱ

ኣብ ከተማ መንደፈራ ዝርከባ 4 ምምሕዳራት ከባቢ፡ ኣብ ምዕዋት ሃገራዊ መደባት ብሓፈሻ ኣብ ምድማቕ በዓላት ድማ ብፍላይ ልዑል ኣበርክቶ ከምዝገብራ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ህዝቅያስ ውህበት ገሊጹ።

ምምሕዳራት ከባቢ ዓዲ-ባራ፡ ዓዲ-ወግሪ፡ ዓዲ-ሓረን ሓድሽ-ዓድን ኣብ ምድማቕ በዓል ናጽነትና ብቐንዱ ድማ ኣብ'ቲ ካብ 15 ግንቦት ጀሚሩ ኣብ ጎደናታት ዝካየድ መደባት ኣበርክታዊ ኣበርክቶ ከምዘለወን ብምጥቃስ፡ ጽልዋአን ናብ መላእ'ቲ ዞባ ከምዝሰፍሐ ሓቢሩ።

ኣመሓደርቲ ምስ ነበርቲ ንዘለወን ዝምድናን ምርድዳእን ዝጠቐሰ ኣቶ ህዝቅያስ፡ መበል 35 ዓመት ናጽነት ብምዕሩግ ኣገባብ ንምጽንባል፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ መንደፈራ መደባቱ ፈሊሙ ከምዘሎ ኣነጺሩ።

ኣመሓደርቲ ናይ'ተን ምምሕዳራት ከባቢ ብወገን፡ በዓል ናጽነት ንምድማቕ ህዝቢ ውዳበታቱ ብምሕያል ንዘገብሮ ዘሎ ኣስተዋጽኦ ብምምጓስ፡ ድሮ - እቲ ናይ በዓል ናጽነት ሃዋሁ እናሞቐ ይመጽእ ከምዘሎ ገሊጸን።

መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ንምጽንባል፡ ብደረጃ ሃገር ካብ ደረጃ ዓድታት ዝጀምር ሰፊሕ ምድላዋት ይግበር ከምዘሎ ዝፍለጥ'ዩ።

ሪፖርታዥ

# ምርኢት ካርኒቫል ኣብ ጐደናታት ኣስመራ

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

ስእሊ- ሳልሕ ዓብደልቃድር
ኣብርሃም በየነ
ክብሮም ጸሃየ

ህዝቢ ኤርትራ፥ ሳላ ነቕ ዘይብል ሓድነቱ፥ ጽንዓቱ፥ መትከሉ፥ ተወፋይነቱ፥ ጅግንነቱን ማዕዋእቱን ኣብ ዘተኣማምን መድረኽ ኲይኑ እዩ ጽንበል ናጽነቱ ዘብዕል ዘሎ። ኣብ'ዛ ርእሰ በዓላትና ዝኾነት ዕለት፥ ህዝቢ ካብ ኩሉ ኩርናዓት ኣብ ሓደ ቅርዓት ተኣኻኺቡ እዩ ጽንበሉ ዘጽድ።

ከም መርኣያ ናይዚ ድማ፥ ሰሉስ 19 ግንቦት 2026 ካብ ሰዓት 1:00 ድ/ቐትሪ ቀንዲ ጐደናታት ኣስመራ ብህዝቢ ከዕለቕልቕ ተራእየ። መበል 35 ዓመት ጽንበል በዓል ናጽነት ከድምቕ ካብ መላእ ኩርናዓት ኣስመራ ዝውሓዘ ህዝቢ 13 ምምሕዳር ንኡስ ዞባታት ዞባ ማእከል፥ ብኣርባዕተ ማእዘን ኣብ ከባቢ ናቕፋ ሃወሰን ሹዳን ብዝርዝሪ ጓይላታትን ዘላን ተኣኻኸቡ።

ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ብደረጃ ዞባ ማእከል ብኣወዳድባኡን ቅርጹን ፍልይ ዝበለ ምድላዋት ዝተገብረሉ ካርኒቫል ናጽነት ብድምቀት ንምኽያድ ደሽሸቡ። ብዋዒ ጉጅለታት መሳርዕ ካብ ሹዳን ከበአን ዝዘበለ ዓርሞሽሽ ምርኢት ካርኒቫል ድማ፥ ብቐደም ተኸተል ብዝተወሃሃደ መስርዕ ንሲኒማ ሮማ ሓሊፉ ንሲቲ ፓርክ ገጹ ኣንቀዕረረ። እዚ ሱጥበበውን ፈጠራዊ ሓሳብን ዘማእከለ ካርኒቫል፥ ብማዕዶ ኳንካ እንክረአ ዝፈጥረልካ ባህታ ዓቢ እዩ። ተር ከም ዓተር ተሰሪዑ፥ ንትሕዝቶታት ብዙሕነት ብሄራትና ብዘጸባርቕ ምርኢት ተመዛዚ ተመራሒ ብብንኡሳን ዞባ ተወዲቡ ኣብ ጐደና ሰማእታት ተገደሙ።

እዚ ብሃገራዊ መንፈስን ክብርን ተባሪኹ ብወግዒ ተመሪቑ ዝተበገሰ ህዝባዊ ምርኢት፥ ብምዕሩግ ኣገባብን ወኒን እዩ ተኻዩዱ። ተሳታፊ ካርኒቫል ህዝቢ ዞባ ማእከል ብናይ ሓያል ውድድርን መንፈስን ኑቲ ዝወዓለ ብርቱዕ ጸሓይ በዩሁ'ዩ ብዘላን ደባላን ዝተፈላለዩ ንሃገራዊ ስምዒታቱ ብዘሓድሱን ዘበራብሩን ደርፍታትን መዛመርን፥ ጭርሖታትን እናሰመዐ በዓሉ ከድምቕ ዝወዓሉ። እቲ ኣብ ክልተ ወሰናስን ናይ'ቲ ጐደና ኲይኑ ዝዕዘብ እውን ብፈስካን ጣቕዒታትን፥ ፋሽኽታን ዕልልታን ኑቲ ምርኢት ደምቀት ወሰኸሉ። ተሰለፍቲ ድማ፥ ብሞራል ናይቶም ህዝቢ ስምዒታቶም እናተሓደሰ ዓጸፋ ድምጾም ክብ ኣቢሎም ኣብ ሃገራዊ ፍቕሪ ይጽሕሉ። ሴፍን ጉራዴን ከበሮን ዋጣን በትሪ ዋልታን ኲናትን ዝሓዙ ተሳተፍቲ ናይቲ ካርኒቫል ድማ፥ ምስ'ቲ ናይ ኣፍሲ-ወከፍ ብሄራትና ዝተሳነየ ገጽ ባህርን ዘወደየዎ ምዕሩግ ስልማትን ኣልባሳትን ተደሚሩ፥ ክብርን ኺዑበራቕን ናጽነትና ብፍሉይ ደመቐ። እዚ ከኣ ፍሉይነት ናይቲ በዓል ኒዩሩ ክበሃል ይከኣል።

ናይ ብሄረ ሳሆ ዝወከሉ ን/ዞባ ቲራቮሎን ማእከል ከተማን ኣብ እዋን ሓገስ ዝጽብረቕ ላዕን ሳርጉብኣን ምስ ሹዳሕ ክለዩ እንክለው፥ ንብሄረ ናራ ዝወከሉ ን/ዞባታት ሰንበልን ዕዳጋ ሓሙስን ብወግዒን ትልሂትን ኣናደለ ይቐጽጽዩ። ንብሄረ ብሌንን ትግረን ዝወከሉ ን/ዞባታት ማይ ተመናይን ጸጸራትን ድማ ሽለልን ምርዲን ይሕንበጠሉ። ንብሄረ ትግርኛ ዝወከሉ ን/ዞባ ኣኻሽውል ድማ ብተሓምባለን ኲናን ይሓልፉ። ናይ ብሄረ ብዳዌት ዝሓዘ ን/ዞባ ፓራዳዝ ከኣ ብትልሂት ኳሰን ሰዩራን



ቅንፕጥስጥስ ይብሉ። ጃልባ ብምምእካል ኑቲ ኣብ ንጥፈታት ሕርሻ ባሕርን ዓሳን ዝዋፈር ህዝቢ ገምገም ቀይሕ ባሕርና ዝኾነ ንብሄረ ዓፋር ዝወከሉ ን/ዞባታት ኣርባዕተ ኣስመራን ኣኽርያን እየም። ንራሻይዳ ዝሓዙ ን/ዞባ ገዘ ባንዳ ሰፊም ኪጋጮዉ። ክድሰቱ እንክለው፥ ንኩናማ ዝወከሉ ን/ዞባ ጐዳይፍ ድማ ብኪሽኪሽን ካልእ ትልሂታትን ይወዛወዙ። እዚ ድማ፥ ንበዓል ናጽነትና ፍሉይ መዓርግን ክብርን ኣልበሰዎ።

"ንሎሚ ዘይኮነ ኣይኾን" ብማባል፥ ጥንዲራታት ዝሓዘ ህዝብን ተመዛራይን ኣብ ደንበ ሰሊት ዓሪዱ፥ ብዝተፈላለዩ ሕብረ-ትልሂታትን ደርፍታትን ብሄራትና ብመግልሒ ድምጺ ተሰነዩ ብህዝባዊ ጓይላ ንበዓሉ ከጉልሕን ክኩሓሕልን ደረኡ። ብድሙቕ ዕልልታን ፈሲታን ብወዒ ይዘልል ይድነብል።

እቲ ሰዓት 1:00 ድ/ቐ ዝጀመረ መላጢ. ህዝባዊ ምርኢት - ካርኒቫል፥ ብዝተፈላለዩ ሃገራዊ ደርፍታትን መዛመርን ተመዛርን ተሰንዩ ብዝበምታ ባሕቲ መሰከረም በጺሑ። ኣቦታት ባህላዊ ናውቲ ኲናት ሐዚም ይድነብሉ፥ ኣደታት ከኣ ሰንደቓን እናኣንበልበላን ኣፍል ልበን እናሃረማን ዕልልታኣን ይደርጉሓሉ። ብዘይካ'ዚ ብመንእሰያት ተመዛሮ ምርኢት ታደኩንዶ ማለት ካራተ፥ ከምኡ'ውን ቅድድም ኣፍራስን ኣርእዮም። ንጽንበል ናጽነትና ድማ ተወሳኺ ድምቀት ሃቡዎ።

እዚ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል መሪሕ ሃገራዊ ቴማ ብ13 ን/ዞባታት ዝቐረበ ትሕዝቶታት ምርኢት ናይ'ቲ ካርኒቫል፥ ንኹሉ መዳያዊ መልክዕናን ኺጋኣትናን፥ መኸተናን ሓርበኛነትናን፥ ሓይልናን ዘይተጸዓደትናን ዘኩልሐ እዩ ኒዩሩ። ብሓፈሻ ንተራን ኣበርክቶን ህዝቢ ኤርትራ ምስ ጸንዕ መራሕነቱን ሓይልታት ምክልኻሉን ከምኡ'ውን ኣብ ብዙሕነትና ዝሎ ሓድነትን ሰላምን ባህላዊ ጸጋኹን ዝወከለ እዩ ኒዩሩ። ብኣጠቓላሊ ንትሽዋቲኣን ብሄራትና ዝገልጽ ባህልን ልምድን ያታን ወግዒን ጸጋን ክብርታትን ዘበርህ ትልሂታትን ምንቅስቓሳትን ባህልን ደርፍታትን ቀረቡ።

ኣብዚ፥ ሓያሎ ኣቶደቲን ኣለይትን ናይ'ቲ ካርኒቫል፥ መምህራንን ክኢላታትን ስ-ጥበበኛታትን ብልዑል ሃገራዊ ተገዳስነት ዝተሳተፍዎ መደብ፥ ንብልሓቶምን ፈጠራኦምን ዘጸባርቕ ትሕዝቶ ጥበባት እዩ ቀሪቡ። ኣብ'ዚ ብመልክዕ ውድድር ዝቐረበ ናይ ሎሚ ዓመት ካርኒቫል በዓል ናጽነትና፥ ኣብ ህዝብን ተመዛሮን ዝተረእየ ተገዳስነትን ወህደትን ናይ ምውድዳር መንፈስን ወኒን ዝምጉስ እዩ ኒዩሩ።

ሓደ ካብ ዓበይቲ መደባት ጽንበል ናጽነት ዝኾነ ምርኢት ካርኒቫል፥ ኣብ መንእሰያትናን መጻኢ ወለዶን ታሪኽምን ባህሎምን ኣብ ምውርራስን ኣብ ምፍላጥን ልዑል እጃም ዘለዎ እዩ። ምኽንያቱ ምልእቲ ኤርትራ ኣብ ሓንቲ ቅርዓት ዝለዋ ቅርስታት ታሪኽን ያታታትን ኣካብራን እንታይ ከም ዝመስል ክምሃሩሉን ክፈልጥዎን ስለ ዘኽእሉ።

ብቐንዱ ዕላማ ናይዚ መደብ እውን ንሱ እዩ፥ ንኽብርታት ቃልሰን መኸተን ኒሕን ተወፋይነትን ባህልን ያታን ሃገርም ንምስጥጋርን ንምዕቃብን።

ህዝቢ ኤርትራ ሕሩያት ደቁ ከፊሉ እዩ ናጽነቱ ተጐናጺፉ፥ ምስቲ ዘይክኣል መራሕነቱ ብምኳን ድማ ክሰርር ዘኸኣለ ረባዕ ህዝቢ እዩ። እምበር ጸላእትናስ ሱርና ብምብታኽ፥ ከም ሓሰር ኣብ ንፋስ ብዘይ ኣሰር ምብተኑና ኒደርም። ስለዚ'ዩ ንዕለተ ናጽነቱ ከም ወትሩ ብዝዓዘዘ ደረጃን ሱታፌን ዘዘይመላ፥ ንመዳርግቲ ኣልቦ ሃገራዊ ፍቕሩ ብዘጉልሕ ባህላውን ስ-



ጥበባውን መሳነድኡታት ዝጸንበሎ። ብሓፈሻ ኣብ'ዚ ምዕሩግ ጽንበል'ዚ፥ ንቕያታትን ጅግንነትን ሰውራዊ ቃልስናን ዘሐብን ባህልናን ክብርታትናን ኣካብራናን፥ ሃገራዊ ሓድነትናን ሰላምናን ዝይገሃጽን ዘይጽዓድን መትከል መኸተናን ብዮብይኡ ከኣ ንሃገራዊ ጽንዓትናን ባህግናን ራኢናን ተስፋናን ክብሪ ጥንዴራናን ዘጉልሑ ዝተፈላለዩ ስ-ጥበባዊ ስርሓት ናብ ተዓዘብቲ ቀሪቦም።

ህዝቢ ኣብ'ዚ ምዉቕ ሃዋህው ጽንበል፥ "ዋርሳይ ብዓል ኮንን ሳእኒ ናበይ ኣቢሉ ኣብ ዝበን ታንኪ ኲይኑ ዝዓለለ፥ ኣሰይ ኣሰይ ወሰን ዘይብሉ ሓገሰይ፥ ኣሰይ'ዛ ፋኑሰይ ተወሲ.ጾ፥ ቅሰንጾ ቅሰን ኣታ ሓላው ወሰን፥ ኣብ'ቲ ሓገሰይ ሃቡኒ ሻሸይ ክዕመም" እናበለ'ዩ ብሃገራዊ ፍቕሪ ተሓቝቍፉ።

ኣብ'ዛ ሩሕናን ትንፋስናን ዝኾነት ወርቃዊት በዓል፥ ኩሉ ኣብ ባሕሪ ሃገራውነት ይፍተልን ይደስትን። ሞዛይካዊ ሕብርን ክብርን በዓሉ ምስ'ቲ ዘይጸዓድ መንፈሱ መመሊሱ የብረቕርቕ። ኣብ ባይቶ ጽንበል ሃገራውነት ተገዲሙ፥ "ንዓኺ ክብል እንድየ ከውታ ሰገረየ፥ ኣብይ የሕማቐየ፥ ዓደይ ንሓልልኪ ኩሉ ወሰደየ" ይብል። እዚ ህዝቢ መቐት ስምዒታት ሃገራውነቱ ክትዕቅን ቴርሞሜተር ሃገራውነት እንተ ዝህሉ ኒዩሩ፥ ብዘይ ምግናን ልዕሊ ንቡር ረሺ. ሃገራውነት ምተመዝገበ ኒዩሩ። ምኽንያቱ ህዝቢ ኤርትራ ንሃገሩ ከምኡ ስለ ዝኾኑ፥ ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ'ዩ መሬቱን ክብርታቱን እንተ ደኣ ተተንኪፉ ከም ቀንጡዕ ኑብሪ ዘለሉ ጸላእቱ ዝሓንቑ።

ስልፊ ካርኒቫል ባሕቲ መሰከረም ምስ በጽሐ፥ ኩሉ ተሳታፊን ላዕለዎት ሰብ ስልጣን ግንባርን መንግስትን ቦታኦም ምስ ሓዙ፥ ወግዓዊ ጽንበል ናይ'ቲ መደብ ብዘኸረ ሰማእታት ፈለሙ።

ብድሕሪ'ዚ ናይዚ ክቡር በዓል መኽፈቲ ቃል ዘስመዐ ሓላፊ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ማእከል ኣቶ ኣስመሮም ጸጋብርሃን እዩ። ንሱ፥ "ናጽነት ንኤርትራዊ፥ እታ ዝኸበረት እያ። ንመዋእል ተቓሊሱ ክቡር ህይወቱ ብምውፋይ ዝረኸቦ ፍረ መሪር ተጋድሎ እያ" ድሕሪ ምባል፥ "ስለ ዝኾነ ከም ብሌን ዓይኑ ክሕልዋን ክከናኸናን ከምኡ ድማ ከኽብራን ክጽንበላን ዝረአ" ኢሉ። "ንናጽነት ኩሉንትናኡ ስለ ዝወፈያ'ዩ ኣብ ጽላል ሰንደቓ ብመንኩ ተሓቢኑ ንስለአ ዝዘምር" ምስ በለ፥ "ህዝቢ ዞባ ማእከል ንመበል 35 ዓመት በዓል ናጽነቱ ካብ 5 ግንቦት ጀሚሩ ብልዑል ተወፋይነትን ንኡድ ተሳትፎ ተመዛሮን ክጽንበላ ቀንዩ ኣሎ" ድሕሪ ምባል፥ "ኣብዚ 19 ግንቦት ዝቐረበ ንህዝባዊ መኸተን ልምዓትን ዝገልጽ ምርኢት ካርኒቫል ድማ፥ 1950 መንእሰያት ተመዛሮን 13 ሽሕ ህዝብን ተሳቲፉ" ክብል ገለጸ። ንሱ ኣብ መወዳእታ፥ "ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ወሻጢ መዋእላት መግዛእቲ ዘጥረዮ ልዑል ንቕሓትን ተመክሮን ናጽነት ወሊዱ ኣሎ" ክብል ደምደመ።

ብድሕሪ'ዚ፥ እቲ መደብ ብቐጥታ ናብቲ ንበዓል ናጽነትና ተባሂሉ ብኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ዝተዳለወ ባህላዊ መሳነድኡታት እዩ ተሰጊሩ። ጉዳይምን ንኣሽቱን ደምጻውያን ሃገርና፥ ኑቲ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ግጥም ኢሉ ጥንዴራኡ እናንበልበለ በዓሉ ዝጽንበል ዝበረ ክቡር ህዝቢ፥ እናተበራረዩ ናብ ዝኸርታት ጽንዓቱን ሓድነቱን ቃልሱን ዕላማኡን እናሸመሙ ብሓበን ከየሸዎን እሰትትሸም ከቢልዎን ተራእዩ። ከም "ጓል ሃገረይ"፥ "ብደሀ"፥ "ናትኪ'ዩ ፍርዲ ሰንበል"፥ "ኣዝመራ"፥ "ስሙር ህዝቢ"፥ "ሄሮ"፥ "ዕዛል ዳዕሮ"፥ "ሳደኹኒ"፥ "ሊጋዕ ላምና"፥ "በዛር"፥ "ኤርትራና"፥ "ሳብር-ዓቓል"፥ "ከሎሎ"፥ "ዓወት ቃልስና ብደምና"፥ "ከይብኻ ፋርዳ"... ዝበሉ ሃገራዊ ጣዕመ ዜማታት ብኸም ብዓል ደምጻዊ እስቲፋኖስ ኣብርሃም (ዞማች)፥ ተስፋይ መሓሪ (ፍሒራ)፥ ጸገ ተኽለሰንበት፥ ተኽለ ክፍለማርያም (ወዲ-ትኹል)፥ ኣርያን ሳልሕ፥ ሃብተሰላሰ ኣብርሃ (ዓይናም)፥ ኣሕመድ ኣሕመዲን (ደሮና)፥ ብርኽቲ ወልደሰላሰ (ታንኪ)፥ መንግስተኣብ ሃብተገርግሽ፥ ሳልሕ መሓመድ (ፕሮቲን)፥ ሳራ ተኽለሰንበት፥ ዑስማን ዑመር፥ .... ዝኣመሰሉ ህቡባትን ወናማትን ደምጻውያን ሃገርና ሓቝፉ ዘምስየት ዓባይ ጉጅለ ባህሊ ቀይሕ መሬት ድማ፥ ንኽብሪ በዓል ናጽነትና ሰማይ ኣዕረጉዩ። ደምጻውያ ምስ መዚቀኛታትን ወናማት ተለሃይትን እናተላፈኑ ንሕብሪ ናጽነትና ኩልዕዎ። ብስነጥበበኛ መለስ ንገሰ ዝተጸሓፈት፥ ንጽንዓትን መኸተን ህዝቢ ኤርትራ እትገልጽ 'ጽንዓት' ዘርእስታ ሞኖሎግ ድማ ብስነጥበበኛታት ኣዜብ ዘርኣይን ሳሚኤል ዓጽመርያምን ቀሪባ። እቲ መደብ ድማ፥ ኑቶም ህዝቢ ከም ማይ ምድረብዳ ዝጸምኦም ፍሉጣት ሃገራዊ ደርፍታቱ እናናፈቖም እንከሎ፥ ልክዕ ሰዓት 7:30 ናይ ምሸት ብልዑል ሃገራዊ ድምቀት ብሃገራዊ መዝሙር ተዛዚሙ። ርሑስ ቅንያት ናጽነት።






# ምስጢር ዓወትና፡ ምስ ሃሳስ ዝኽርታተይ

ተስፋይ ቀለታ ደምሳስ

ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚ፡ "ንዘክረ ሰማእታት ሓፍ ንበል" ክበሃል ከሎ፡ ቅድሚ'ቶም ኩሎም ብጅግንነት ዝሓለፉ መቓልስተይ፡ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ቅጅል ዝብለኒ ወደ'ስገደ እዩ። ወደ'ስገደ፡ ካብ ሰሜናዊ ባሕሪ እዩ ናብ ሜዳ ቃልሲ ተሰሊፉ። ኣብ ድርፎ ከም ጓሳን ሓረስታይን ይዓዪ ነይሩ። ንወደ'ስገደ ስም ኣቡኡ ይትረፍ፡ ስሙ ፍስሃየ ምዃኑ ዝፈልጦ ኣመና ውሑድ'ዩ። ካልእ ልቓብ ዘይብሉ ብወደ'ስገደ ጥራይ'ዩ ዝጽዋዕ ዝነበረ።

ወደ'ስገደ ይኹን ካልኦት፡ ብሓፈሻ ከሉ ተጋዳላይ፡ ኣብ ኦርጋ ክምዝገብ፡ ወይ'ውን ወዲ እገለ ተባሂሉ ብሽም ኣቡኡ ወይ ዓዱ እንተ ዘይተጸዊዑ፡ ስሙ፡ ዓድኻ ካበይ መጺእካ ወዘተ. ኢሉ ዝሓቶ የለን። ብፍላይ "ዓድኻ ኣበይ'ዩ" ዝብል ሕቶ ሕሩም (Taboo) እዩ ዝነበረ። ዓዱ፡ ስም ኣቡኡ፡ ሞያኡ፡ ደረጃ ትምህርቱ ወዘተ. ብጥዓ ወይ ብገለ ነገር ኣብ ዕላል ተላዒሉ ክትፈልጦ እንተ ዘይክኢልካ፡ ነቲ ኢልካ ተልዕሎ ሕቶ ኣይነበረን። ከምኡ ክንዲ ዝኾነ፡ ካብቲ ዕገስ - ሰቓ በሊ. ውሑድ፡ ካብቲ ዓኑ ሱላቖን ዋዛን ዘዘውትር ከኣ ዝበዝሐ ግዜ ብዘዘዋወሪ መጉዲ ማጠናዊ ድሕሪ ባይታኡ ትፈልጥ።

ስለ'ዚ ወደ'ስገደ ክዝክር ከለኹ፡ ኣበይ'ዩ ተወሊዱን ዓቢ'ኹን፧ ብኸመይ ንድርፎ መጺኡ፧ ወለዱኸ ኣለዉ፧ ስም ስወኣት ክንገር ከሎ፡ ሰድራኡ ሓበንን ብኽያትን ተፈራሪቑምዎ፧ ወደስ ብዘይ ዘኮሪ'ዩ ተሪፉ! ንዝብሉ ሕቶታት መልሲ የብለይን። ምእንቲ'ዛ ሓላል መሬትን ክቡር ህዝባን "ዓወት ንሓፋሽ!" እናበለ ምስወኡ ጥራይ'የ ፈሊጠ።

ግን ኣይቀሰኹን። ነታ መወጽኢት ኣፉ "ሓምም!" ትብል ቃል ክዝክር ከለኹ፡ ብዛዕባ ወደ'ስገደ፡ ካልእስ ይትረፍ ድሕሪ ባይታኡ ፈሊጠ፡ ገለ ክሓፍጥጥ ዝብል ኒሕ፡ ኣብ ሓንጎለይ ይጎዓዝ ነይሩ። ንበዙሓት ብጾት ሓቲተ፡ ሰድ ሚኒስትሪ ምክልኻል'ውን ተወኪሰ። ፍስሃየ ሃይለ ጉብረሂይወት ከም ዝበሃልን ትውልዲ ዓዱ፡ ቀረሮ (ትግራይ) ምዃኑን ብ15 ጥሪ 1975 ኣብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ከም እተጸምበረን ደማ ኣጣሊሉ።

ፍስሃየ - ወደ'ስገደ፡ ብቑመናኡ፡ ዕጥቁ፡ ኣተሓሕዛ ደፍዑ... ወጹእ ወተሃደር'ዩ። ንኡ ዋርድያ ኣወጺእካ፡ ተኣማሚንካ ትውዕል፡ ተኣማሚንካ ትሓድር። ኣብ ዝሓዘ ደፋዕ (መታኸሲት)፡ ዕርዲ ይሰርሕ፡ ስርሖቲ እንተኾይና ከኣ፡ የመጻረርያን የይልድላን። ዝሓዞ መታኸሲ ዝምዝዋ እንተ ዝዑርር ክንደይ መታኸሲ ሃጺ ይኸውን፧

ብረቱ ኩሉ ግዜ ብዘይቲ ውልውልቲ፡ ኣብ ዝኾነእዋን ካብ ሕቑፉ ኣይትፍለን። ንሰራሕ ክንቀሳቐስ ከሎ፡ ኣብ ዝተኣማምን ቦታ የቐምጣ። ክድቅስ ከሎ፡ ኣብታ ምንጻፉ፡ ሓመድ ንኸይትሕዙ ኣብ ሰብኡ ይሸጉጣ። ክልቲኣን ብኽልቲኡ ከም ናይ ካልኦት ሰለስተ ማእቲ ዘይትኩ ውትሩ ብዝውልወላ ብልዕሊ ሰለስተ ማእቲ ጠያይቲ ጥርንቕ ምስ በለ'የን።

ድሕሪ ነዊሕ፡ ኣደካሚ ጉዕዞ፡ ኣብ ዝበጽሖ ቦታ ምስ ተበጽሐ፡ ወዱ ጓል ተጋዳላይ መጸለሊእ መረጸ ግንበው-ግንበው ክትብል ከሎ፡ ወደ'ስገደ፡ ድኻም ከይዓጀቦ፡ ጸሓይ ፍርቂ መዓልቲ መንበስበስታኡ እናሃረመት፡ ከበቦኡ ይኸሎ፡ ይፍትሽ፡ ይጠቕመኒ ዝብሎ ከኣ ይእክብ። ካብ'ቲ ዝኣከቦ ሓጺን-መጺን መተከቢ ክዳን ዝኾኖ መርፍእ፡ መሰፈዩ ክፋፍ (ዕጥቂ) ጭረፈታ፡ መብልዒ ቦጅቦጅ ማንካ፡ መሕረዲ ዝተሃደነ እንስሳ ካራ... ይሰርሓሉ። እታ ካብ ዝኸሉ ዘይፈልያ ሳንጣኡን ኣብ ዕጥቁ ዘላ ጓል ብሽከሊትን በዚን ካልእን ንብረት ምስ መልኣ'የን።

እዚ ድልዱል ተኽሉሰብኡት፡ ኮርዳድ ጸጉሪ ርእሲ፡ ፍሩያት ኣዒንቲ፡ መጠናዊ ርጉዲ ዘለወን ከናፍር... ዝበርኖ ብጾቱ ሱሓቑን ኩራኡን ጥቓን ጥቓን'የን። ጭርቃን ኣይክእልን። ወሓል ዕጥቁ ብፍላይ ጠያይቲ ዝዘኩ ወይ ጥይት ይኹን ካልእ ንብረት ወዲቑ እንተ ርእዩ፡ ኣመና ይሓርቕ። "ደም ተኸፊልዎ እምበር'ዩ መጺኡ" ደማ ይብል። "ጸገብ" ኢሉ ምግቢ ኣይገድፍን። ተሸከምዎ ይጉዓዝ። ኣብ ርእሲ'ቲ ሰፍ ዘይብል ዕጥቁ ደስተ ከስኪስቲ ናይ ጋንታ ይሽከም። ብሬን የብሉ ተብሪ ኣልካዮ ዕጭ ይሕንፍፍ ይኸሪ።

ልዕሊ'ዚ ኩሉ ኣብ መላእ'ቲ ብርጌድ ዘፍልጥኡ ዓመታት ዝወደየን ሽዓኡ (ምናልባት እተን ኣብ መዝሞ ተዓቂበን ዘለዋ ንኣተን'ዶ ይኾና እውን እብል'የ)፡ ካብ ምሕር እርጋኑ ተደሪወን ተደራሪወን መልክዐን ቀይረን ሓፍ ኩብለን ዝኸብዓኦን ምቑእት ዘይብለንን ክለሰን ጉሒፉ ክቕይረን ፍቓደኛ ኣይነበረን። "ልዕለይ ዝዓረቑ ኣለዉ" ኢሉ የቕብጾ። ኣብ ክዳን'ውን ከምኡ።

ድሕሪ ባይታኡ ከም ዘጽረ፡ ወደ'ስገደ፡ ዕድል ትምህርቲ ኣይረኸበን። መሃይምነት ንምጥፋእ "ሀ" ኢሉ ኣብ ሰውራ'ዩ ጀሚሩ። እንተኾነ ትምህርቲ ብዓልቲ ለይቲ ኣይነበረትን። ካብ ክማር ዋርድያ ክወጽእ ይመርጽ።

ብበዙሕ መዓያት ኣቤታዊ ዝኾነ ወደ'ስገደ፡ ድሕሪ ምድምሳስ "እዝ ናደው"፡ ኣብ ግዞዞ፡ ፈንጂ ጸላኢ ተፈጂሩቶ፡ ብ28 ነሓሰ 1988 ተሰዊኡ ሰሚዐ።

ጋንታታት ቀያይረ'የ። ኣብታ መጀመርታ ዝበርኩዋ ጋንታ፡ ማለት ብርጌድ 44 ቦጦሎኒ ሰለስተ፡ ቀዳመይቲ ሓይሊ፡ ካልኣይቲ ጋንታ ይኹን ኣብዞን ካልኦት ጋንታታት፡ ከም ወደ'ስገደ ዝዘከርም፡ እናሻዕ ኣብ ኣእምሮይ ዝመላለሱ፡ ብዙሓት ሰማእታት ኣለዉ። ምስእ ድሕሪ - ባይታኦም ግን የብለይን። ሓቲተ ክረኽቦም ዝኽእልኩ፡ ካብ ኣመና ምንዋሕ ግዜ ይኹን ብምኽንያት ብዙሕ ተኽሊጥ (ምቅይያራት)፡ ካብ ሃሳስ ዝኽሪ ዝሓልፍ ሓበሬታ ኣይነበረን። በዚ ክዕንቀፍ ስለ ዘይመረጽኩ፡ ምስዚ ኣልዒለዮ ዘለኹ ኣርእስቲ ብዝሰማማዕ ዘሎ ቀንጣሮ ዝኽሪ ክጭሕጎር መሪጸ።

ሓደ ካብኣቶም ብዙሓት፡ መሓሪ ጨዓይ'ዩ። ዕባይ ኣኽርያ ምዃኑ ፈሊጠ። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ቀዳማይ ይኹን ካልኣይ ዓመት ተምሃራይ ነይሩ። ብ1975 ከኣ ተሰሊፉ።

መሓሪ ጨዓይ፡ ምስቲ ቅዩሑ ተኣሳሲሩ'ያ ትኸውን ጨዓይ ለጊቡዎ። ኮይናቶ ብመሓሪ ጨዓይ'ዩ ዝጽዋዕ። ቀጢኑ ለይላይ ዝብል ጽሙእ ግን ከኣ ተረር ኣካላት ነይሩዎ። ሚላኖ ስረኡን ካምቻኡን ፈጺመ ኣይርሰዐንን'የ። ኣብ ክሳዱ ክሹኽ ምጥምጣም የዘውትር። ጸብጻብትን ካልእ ጽሑፋትን ዝሓዘት ካብ መንከቡ ዘይፈልያ ሳንጣ ነይራቶ። ሓለፉ ኣብ ጥቓኡ ኣይትቐርብን'ያ። ካብ ንኣይ ንብጾተይ፡ ካብ ክልቅፍ ክምዕድ ይመርጽ። ንብጾቱ የኽብር ምስ ብጾቱ ተቛማጠዑ ይነብር።

ኣብ ካልኣይቲ ጋንታ ምስ ተወዘኹ፡ መሓሪ ጨዓይ፡ ኮምሽር ጋንታ ኮይኑ'ዩ ጸኒሑኒ። ሌላና ኣብ እዋን መጥቃዕቲ ሰምሃር፡ ብፍላይ ደማ፡ ኣብቲ ንሓጺር እዋን ዝጸረደናሉ ፋብሪካ ሰሚንቶ'ዩ ጀሚሩ። ካብ ዕርዲ ፋብሪካ ሰሚንቶ ተሳሒብና ናብ ፎሮ ኣብ ዝኸድናሉ እዋን ከኣ ኮሚሳር ሓይሊ ተመዚዙ።

ንኸሕጽሮ፡ ኣብ ውግእ ሓመሻይ ወራር ንምስታፍ፡ ብ7 ሓምለ 1977 ካብቲ ዓሪድናሉ ዝበርና ወኪዞሮ (እምባለቆ) ኣብ ወሸጢ. ኣርባዕተ መዓልቲ ናቕፋ ተራኢና። እንደገና ካብ ናቕፋ 'ተበገስ' ኮይኑ፡ ምለእ ለይቲ ትጉዕዝ ሓዲርና፡ ጸሓይ ብራቕ ኣብ እግሪ ጎቦታት ሕዳቕ ኣዕረፍና። ፍሰና ንምዕንጋል፡ ዋርድያ ኣወጺእና ሻሂ ፍልሕን ሩዝ ንጥጥቐን ነርና።

ፍሉይ ምውድዳብ ዝነበረ፡ ንኣስ ግብረ ሓይሊ 503-ሉ ከይተረእየ ብማርሳ ጉልቡብ ኣቢሉ ኣፍዓበት ኣትዩ። ካብኡ ብምቕጻል ንክብኩብ ሓሊፉ ንፈልከት ኣምሪሑ። ቀጺሉ ደማ ደብዓት ኣትዩ። ካብ ደብዓት ንሰንሰለታዊ ተረተር ደብረ ጥሉልን መኣደንን ንምቁጻጻር ኣብ ዝተንቀሳቐሰሉ፡ ወየም ዋርድያ ዝወጹ፡ ጸላኢ ንርኢ ኣለና ዝብል መልእኽቲ ኣመሓላለፉ። መሪሕ ሓይልና ስወእ ጉዳም ተጋዳላይ ጉብረህይወት ሓምባር (ወዲ ሓምባር)፡ "ያላ ተበገስ" ዝብል ትእዛዝ ሃበ። ምስ ድኻምናን ጥሙይ ከብድናን ሻሂና ኣፍሰስና፡ ሩዝና ደፊእና ዕርዲ ንምሓዝ ተጓዪና - ክልተ ሓይሊ ንሓደ ሓሸት ሰራዊት ንምምካት።

ነቲ ተወርዋሪ ሓይሊ ኣጥቂዕና ጋእ ኣቢልናዮ። ድሕሪኡ ዝበረ ሰራዊት ምስ ተደረቦ ግን 'የኮኽለና' ዝበልናዮ ዕርዲ ሐዝና ማኪትና።

መሓሪ ጨዓይ፡ ኣብ ጥቓይ ኮይኑ ነቲ ውግእ ብኸሾፉ እናተኸታተሉ፡ ብማዕዶ ዝመጽእ ጥይት ኣፍልቡ ሃረሞ። ዘልሓጥ ኢሉ ምስ ወደቐ ነታ ካብ ዝኸሉ ዘይፈልያ ሳንጣኡ ኣቐበሉኒ። ንድሕሪት ወሲደካ ናብ ሓኪም ጋንታ ካብኡ ናብ ሕክምና ንምብጻሕ ዝተጉበረ ፈተነ ኣይተዓወተን። ከየባበወ ዓሪፉ። ኣብቲ ጊያጽ ኣኻውሕ ከኣ ብ13 ሓምለ 1979 ሓመድ ኣዳም ለቢሱ።

ከብድና ብጥሙዩ ጉረርና ብጽሙኡ ክሳብ ዓይኒ ዝሕዝ ማኪትና። ሓይሊ ጸላእን ሓይልናን ተመጣጣኒ ስለ ዘይነበረ፡ ከምኡ'ውን ካብ ሕክምና፡ ቀረብ ዕጥቅን ስንቅን ኣመና ርሒቕና ስለ ዝነበርና፡ ስውኣትና ቀቢርና፡ ውጉኣትና ተሰኪምና ኣዝሊቕና። ምለእ ለይቲ ንውጉኣትና ተሰኪምና ኣብ ቀዳማይ ረድኤት ዝረኽቡሉ ቦታ ምስ ኣብጻሕናዮም ድማ፡ ብጾብ ሳልሳይ ዓለም ተዓንገልና፡ ዝጉደለ ጠያይትና መሊእና፡ ነቲ ፍሑኽ እናበለ ዝዝሕዋስ ዝነበረ ሓይሊ ጸላኢ ንምምካት ናብቲ ዘዘለቕናሉ ዕርድታት ጉዕዞ ጀመርና።

ካልእ ውትሩ ቅጅል ዝብለኒ፡ ብወዲ ጺጋይ ዝጽዋዕ ኣበበ ጺጋይ ኢሉ። ቀዩሕ፡ ቀንጺሉ፡ ጸጉሪ ርእሱ ሰቕሰቕ ዝበለ'የ። ፍሽኽታ ዘይፍለዮ ወዲ ጺጋይ ኣብ ሐመራ ሸቃላይ'ዩ ነይሩ። ኣብ ኩሉ ህይወት ገድሊ ብኣበበት ይመርሕ፡ ንመንእሰያት "ማንጁስ" እናበለ የተባብዕ። ብዕድመ ደፍእ ዘለ ይኹን'ምበር ናይ ቃልሲ ወኒ መን ተወዳዲሩዎ፡ ኣብ ውግእ "ዕልል" እናበለ ይሃጅም።


ኣብ መጀመርታ ሰማንያታት፡ ናብ ድሕሪ ማስመር ምስ ዝኸደት ጋንታ፡ ማሰርዑ ሐዘ ከይዱ። ኣብኡ ከም ዝተሰውአ ከኣ ሰሚዐ።

ቈማት፡ ድልዱል ኣካላት ዝነበሮ ትርሓስ ወልደሰላሰ'ውን ሓንቲ ካብተን ብዙሓት ተዘከርቲ ብጾተይ'ያ። ኣብ 11 ክፍሊ ትምህርታ ኣቋሪጻ ኣብ 1978 ካብ ኣስመራ ናብ ሰውራ ተጸንበረት። ናብራ ገድሊ ብዙሕ ኣይሓደሳን። ኣብ ኩሉ ህይወት ጋንታ ብንጥፈት ክትዋሳእ ግዜ ኣይወሰደላን። ሓያል ተዋጋኢት፡ ከምኡ'ውን ሓቡሓቢትን ኣላዪትን ብጻይ ነይራ። ንብጾታ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ኣብ ምምሃር ዘይሰጓቕ ግደ ነይሩዋ።

ትርሓስ ወልደሰላሰ፡ ን10 ዓመት መመላእታ (ካብ 1978-1988) ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ኣብ ግንባራት ይኹን ድሕሪ ማስመር፡ ኣብ ንኣሽቱን ዓበይትን ውግኣት ተሳቲፋ። "እዚ ናደው" ንምድምሳስ ኣብ ዝተኻየደ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ከኣ፡ ብ1988 ኣብ ግዞዞ ተሰዊኣ።

ሚኪኤለይ ቀመት፡ ምዕዙር ዝበለ ገጽ፡ ብርህ ዝበለ ጸልማ ዝውንን ወዲ ዓብደላ ሕወሰን ብኸሉ ፍቱውን ነበረ። ዝበዝሐ ግዜ ዕጥቁ ካብ ዝኾሉ ኣየውርዳን። ካብ ሓለዋ ናይ ንግሆ (ደፋዕ ወሪዱ፡ ዕጥቁ ካብ ዝኾሉ ከየውረዳ ይመሃር፡ ከምኡ ኢሉ ድማ ይቑርስ። ኣጋ ምሸት'ውን ቅድሚ 'ዕጠቕዕጠቕ' ዝብል ሓበሬታ ምምሕልላፉ፡ ዕጥቁ ዓጢቑ ኣሎ። ዓጢቑ ከኣ ይድረር። ኣብ ዋርድያን ካልእ ወተሃደራዊ ምንቅስቓሳትን ኣመና ጥንቁቕ፡ ንኹሉ ወተሃደራዊ እንተታት ከኣ ውትሩ ቅሩብ፡ ይሃሉ ደሰዎ፡ ደሃዩ የብለይን።

ካብ ኣስመራ ዝወጸ ወዲ ኣኽሰላም፡ ካብ ዓጸዐ ዝተሰለፈ ኣረጋይ'ውን ሹቓዊ ጠባዩ ዝበርሞ፡ ፍሽኽታ ዘይፍለዮም፡ ተዋዘይትን ተጫረቕትን ናይታ ጋንታ ነይሮም። ብሬይን ሓዚም ጸላኢ ዘኞቕርበ፡ ብኮላሽን እውን እንተኾነ ብዝተመልከተለይ ዝቕልቡ ምንባሮም ደቂ ኣሃዱኦም ዝማስከሩዎ ሓቂ እዩ። ኣብ በበይኑ እዋን ኣብ በበይኑ ዓውደ ውግእ ከኣ ብጅግንነት ተሰዊኦም።



ፍስሃየ ሃይለ (ወደ'ስገደ)

ናብቲ ካልኣይ ወትሩ ዝመላለሰኒ ሕቶ ምእንቲ ክሰግር ከምኡ'ውን በቲ ኣብ ላዕሊ ዝገለጽኩዎ ምኽንያት፡ ናይ ገለ ብማጠኑ ኣሰፊሐ ናብ ካልኦት ከኣ ጥቐስ ኣቢለ ክሓልፎም ተገዲደ። እዚኣም'ውን እንተኾኑ ቅምሶ ካብ ብዙሓት እዮም። ነፍሲ ወከፍ ኣባል ናይ'ታ ጋንታ፡ ጽሒፍካ ዘይጽንቀቕ ታሪኽ ፈጺሙ'ዩ። ብዝኾነ በዚ ቅምሶ'ዚ፡ ሓደ ሰእሊ ክሀብየ ፈቲና። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ዝኾነት ጋንታ ሀ.ግ ብዝተመሳሰሊ ከኣ ጋንታና፡ ካብ ክልቲኡ ጾታን ዝተፈላለዩ ብሄራትን ነይሮም። ኣብ ገለ ኣሃዱታት ከኣ እንተላይ ኣብ ጋንታና ኣብ ኤርትራ ዝዓበዩ ኢትዮጵያውያን።

ከም ኩሉ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ጋንታና፡ ዝተፈላለየ ሞያ፡ ስራሕ፡ መነብሮ፡ ኣተና ህይወት ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ እርከን ናይ ሕብረተሰብ ዝርከቡ ዝሓቘፈት እያ ነይራ። ኣብታ ጋንታ፡ ትምህርቲ ዝጸገቡ ሞያን ክእለትን ዝደለቡ ብርሃኡ ሽቂሉ ዝናበር፡ መሬት ጫኺሩ ዝሓድር፡ ንጥሪቱ ሳዕርን ማይን ንምርካብ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክርተት ዝበሎ፡ ኣብ ኩሉ ዘይብጽሖ ተምሃራይ፡ ብሸጣራኡ ዝነብር ወዲ ሹቕ... ነይርም። ገለ ካብ ጭቃው ዝበለ ገጠር መጺኡ፡ ገለ ከኣ ካብ ከተማ - እንተላይ ካብ ከተማታት ኤውሮጳን ኣመሪኻ። ብበይኑ ምዕባሌታት ዝተጸልወ ጥራይ ዘይኮነ፡ እድሚ ወይ ደረጃ መነባብሮኡ'ውን ብኡ መጠን ዝፈላለ ኮይኑ፡ ገለ ካብ ኢድ ናብ ኣፍ፡ ገለ ከኣ ኣኽሊ ታርፍ ዝበሮ። ብዕድመ'ውን ከምኡ ዝተፈላለዩ።

እዚ ድሕረባይታ'ዚ ርኢኹ ህዝባዊ ሰራዊት ብኸመይ ናብ ዘይድፈር ዝርዕድ፡ ደርማስ ሓይሊ ተቐይሩ፧ ምስጢር ዓወት ናይቲ ብዝበዝሐ ስብን ኣጽዋርን ንዝተዓጠቐ ሓይሊ ዝሰዓረ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር እንታይ'ዩ ነይሩ፧ ተጋዳላይ ዓወት ከም ዝጎናጸፍ፡ ማለት፡ ናጽነት ኤርትራ ጋህዲ ከም ዝኸውን ርግጸኛ ኮይኑ'ዩ ተቓሊሱ - ተረጋጊጹ ከኣ።

እዚን ካልኦት ሕቶታትን ብዝቐዓት ንምምላስ ሰፊሕ መጽናዕቲ ከም ዘድሊ ሓተታ ዘድልዮ ኣይኮነን። ካብ ትዕዝብትን ተመኩሮን ተበጊሰካ ገለ ኣንፈት ምሃብ ግን ይከኣል'ዩ። ብሓጺሩ፡ ንኹሉ ዘልዓልኩዎ ሕቶታት ንምምላስ፡ ንድሕሪት ተመሊሰ ኣብ ዝቕጽል ክፋል ናይዚ ጽሑፍ፡ ንምስጢር ዓወት ህዝባዊ ግንባር ክፍትሸ ክፍትን'የ።

ይቕጽል . . .

ሻባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት: ናጽነት ኤርትራ - ንወሎዶታት ዝተዋህበት ውርሻ

ስምኦን ወልደሚካኤል

ናጽነት ኤርትራ፡ ነቶም ትማሊ ዝነበሩ ፍረ ጻዕሮም፣ ሎሚ ንዘለዉ መንእሰያት ክብረቶም፣ ነቶም ጽባሕ ንዝመጽኡ ጌና ዘይተወልዱ ከኣ ውሕስነቶም እያ። መብዛሕትኡ ግዜ ብዛዕባ ናጽነት ክዝረብ እንከሎ፡ ነቶም ዝሓለፉ ሰማእታት ብናይ ሓበን ስምዒት ነቲ ዝገብሩዎ መስዋእቲ ኢና እነመስግን። ግናኸ፡ ናጽነት ብዓይኒ እቶም ካብዛ ዓለም ብመስዋእቲ ዝተፈልዩን ጌና ኣብዛ ዓለም ዘለናን ጥራይ ኣይኮነትን ክትርአን ክትግለጽን ዘለዋ። ናጽነት ብዓይኒ እቶም ጌና ኣብ ማህጸን ኣዴታቶምን ኣብ ኣብራኽ ኣቦታቶምን ዘለዉ፡ ግዜኦም ምስ ኣኸለ ናብዛ ዓለም ዝመጽኡ መጻእቲ እውን ክትግለጽ ኣለዋ።

እቶም ጌና ዘይተወልዱ ዕሸላት፡ ናብዛ ዓለም ክመጽኡ እንከለዉ፡ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም ዝብል ዕልልታ፡ ሓኪም ወይ እተጥቡ ኣደ ጥራይ ኣይኮነን ዝጸንሖም። ቅልቅል ምስ በሉ ተዳልዩ ዝጸንሖም ቀዳማይ ህያብ መንነት እዩ። ቀድሚ ናጽነት፡ ሓደ ዕሸል ግዙእ፡ ካልኣይ ዜጋ ወይ ባዕዳዊ ኮይኑ እዩ ዝውለድ ነይሩ። ሎሚ ግን፡ እቲ ኣብ ማህጸን ዘሎ ዕሸል፡ ጌና መሬት ከይረገጸ እንከሎ መንነትን ክብረትን ዘለዎ ፍጡር'ዩ። ኣብ ኤርትራ ዕልብ ምስ በለ ከኣ ወናኒ ሓራ መሬት ብምኻን ዕትብቱ ኣብ መሬቱ ይቕበር። ኣብታ ጀጋኑ ዝጐየዩላ፡ ዝደኸሙላ፡ ዝተቐብሩላ መሬት እግርኻ ምትካል ጸጋ'ዩ። በታ ቀዳመይቲ ዝስሕባ ኣየር ናጻ ሰብ ምኻኑ ክፈለጦ ይጅምር። ኣብዛ ዓለም ከም ጓና ዘይኮነስ ከም ወናኒ ርእሱን መሬቱን እዩ ዝውለድ። "ኣነ ኤርትራዊ እየ፡" እናበለ ብኹርዓት ዝጭርሓሉ ክብርን ስምን ተዳልዩ ይጽበዮ። እታ መሬት ክትምዝግቦ ክትጽበዮ ትጸንሕ፡ ንሱ ከኣ ሓመዳ እናቔሓመ ብናጽነት የንፋሕኹላ፡ እግሪ ይተኽለላን ይዕንድረላን።

ናጽነት ነቶም ከም ጻዕዳ ወረቐት ዝምስሉ ህጻናት ብደምን ርሃጽን ወለዶም ዝተጻሕፈት ናይ ተስፋ መጽሓፍ እያ። እቲ ጌና ኣብ ማህጸን ዘሎ ህጻን፡ ምስ ተወልደ ዝዛረበሉን ዝመሃረሉን ቋንቋ፡ ዝሰምዖ ታሪኽን ዝወርሶ ባህልን ኣብ ገጻት ናይታ መጽሓፍ ይርከቦ። እታ ናይ ተስፋ መጽሓፍ ብስእልታት እውን ዝወቀበት እያ። ክስእሉን ክሰኣሎምን ምስ ጀመረ ዝስእልሉ ቦታ ከኣ ኣለዋ። ነቲ ኣቐዲሙ ተሳኢሉ ዝጸንሐ ናይ ምኹላዕ፡ ምውቃብን ምውሳኽን መሰሎም ከኣ ዝተሓለወ እዩ። ታተ እናበለ





እንከሎ እንተ ወደቐ፡ እታ "ካብኣ ኢኻ'ሞ ናብኣ ኢኻ" ዝተባህለቶ መሬት ተናሕሰየሉ'ያ። ሓመዱ ነጊፉ ብድድ። እናኣውደቐት እናኣተንስአት ተደልድሎ፣ ንሱ ከኣ ደልዲሉ ይረግጻ። ደስ ይብሎ፣ እታ መሬት'ውን ደስ ይብላ።

ኣብ መጻኢ ዝውለዱ ኤርትራውያን ወረስቲ ብዙሕ ጸጋታት እዮም ክኾኑ። ንሓደ ውሉድ ካብ ዝወሃቡ ውርሻታት፡ እቲ ዝዓበየ ሃብቲ ወይ ንብረት ዘይኮነስ፡ ናጻ ሃገር እያ። ካብ ከርሲ መሬታን ካብ ኣእምሮ ዜጋታትን ዝፍልፍል ጸጋ ትዕድልቶም እዩ። ስእነት፡ ድሕረት፡ ስግኣት ከም ዛንታ ክንገሮም እዩ። ርእሰ ተኣማንነት ሂባ ዓቢ ነገር ንምግባር ክመጣጠሩ እተኽእል ሃገር እዮም ክወርሱ። እቶም ብሕጂ ዝውለዱ ታሪኽ ህንጸትን ስልጣነን እዮም ክሰምዑን ክጽሕፉን። ማዕጾ ሓድሽ በሪ ክኽፈት እንከሎ "ኤርትራ ማዕረ'ቲ ዝኸፈልናላን ዝተመነናያን ንሕበነላን ንከሓሰላን ሃገር ክትከውን ንነብሰናን ንሰዉኣትናን ንደቅናን ሕድሪ ኣሎና፡" ተባሂሉ ዝተጀመረ ጉዕዞ ኣብ መዓርፎኡ ምስ በጽሐ ዝዘንቶ ዛንታ ብዙሕ'ዩ።

እታ መሬት ክውለዱ ጥራይ ኣይኮነትን ትጽበዮም ዘላ። ናብቶም መሬት ዘይተንከፉ ትበጽሓሉ ብልሓት ኣሎዋ። እቲ ዝደለየቶ ምህሮ ብዕትብቲ ኣቢላ ናብ ልቢ'ቶም መጻእቲ ደቃ ተመሓላልፎ'ያ። ኣብቲ ውሑስን ምዉቕን ዓለም ማህጸን ኮይኖም ናይ ኣደታቶም ትርግታ ልቢ ጥራይ ኣይኮኑን ዝሰምዑ። ካብቲ ግዳማዊ ዓለም፡ መዝሙር ናጽነት ብመስመር ዕትብቲ ይሰምዕ'ዩ። ዕላል ኣደ ዘይሰምዕን ዘይርዳእን ዕሸል የለን። ዕትብቲ፡ መግቢ ጥራይ ዘመሓላልፍ መትረብ ኣይኮነን። ኣተሓሳስባ፡ ስምዒት፡ ባህሊ፡ ፍልጠት፡ ወዘተ ብመገዳ ይመሓላለፍ'ዩ። ድምጺ ሓበንን ናጽነትን ኣብ ማህጸን እንከለዉ ኣትሒዞም ዝሰምዑዎ ድምጺ እዩ። ድሕሪ ውልደት፡ እታ ምስ ኣደ እተራኽብ ዕትብቲ ምስ ተቘርጸት ምስታ ሃገራዊት ስድራቤት ዘተኣሳስር ካልእ ረቂቕ ዕትብቲ ይቕጽር። እቲ ምስ ተወልዱ ዝዛረብዎ ቋንቋ መሊኾሞ እዮም ዝውለዱ። ኣብ ቀጽሪ ናጽነት፡ ክብረትን ሓበንን ምውላድ ዘሎዎ ሓለፋ፡ እቶም ኣብ እዋን መግዛእቲ ዝተወልዱ እዮም ኣጸቢቖም ዝፈልጡዎ። ዕምሮም ካብ 1991 ከም ዝጅምር ዝዛረቡ ዓበይቲ ሰባት ሰሚዕኩም ትኾኑ። ትርጉሙ፡ 'እቲ ኣብ እዋን መግዛእቲ ዝነበረ ህይወት ከም ህይወት ኣይሓስቦን እየ፡' ማለት እዩ።

ቅድሚ ክልተ ዓመት፡ መላእ ኤርትራ ባንዴራን ጭርሖን ሰቒላ ናጽነታ ክትጽንብል እናተሸባሸበት እንከላ፡ ሙሴ ዝሰመናዮ ውሉድ ንቤትና ብተስፋ መሊኡዋ። ዓብዩ፡ ስሙ፡ ስም ስድራኡን ስም ሃገሩን ብኽብሪ ዘጸውዕ በሊሕን ምቕሉልን ዜጋ ክኾነልና ትምኒትና ንገልጸሉ ኣለና። ውልድ ምስ በለ 'ኣንታ ናይ ቅነ ናጽነት ህያብ' ዝብል ጽሑፍ ኣብ ዓራቱ ጽሒፈሉ ነይረ። ንዕለት ልደቱ ክብሪ ክንውስኸላ ኣብታ ናይ ልደቱ ምቕርቲ ሕብስቲ ናይ ናጽነት ምልክት ጌርናላ። ሎም ዘመን ሙሴ መበል ክልተ ዓመት ልደቱ ከብዕል እንከሎ፡ ኤርትራ መበል 35 ዓመት ናጽነታ ተብዕል ኣላ። ሙሴ ምስ ዓበየ፡ "መዓልቲ ልደትካ መዓስ እዩ፧" ተባሂሉ ምስ ተሓተተ፡ መልሱ "ሃገረይ ናጻ ዝወጽኣትሉ ወርሒ፡" ክብል እዩ። እዚ ድማ ካብ ንእስነቱ ጀሚሩ ሃገራዊ ሓበንን ሓላፍነትን ክሰምዖ ዝገብር ዓቢ ዕድል'ዩ። ኣብ መጻኢ እቶም ኣብ ቅነ ናጽነት ዝተወልዱ ዜጋታት 'ማሕበር ደቂ ናጽነት' ዝብል ማሕበር መስሪቶም ብኣካልን ብማንዛን ክራኸቡ'ውን ይኽእሉ እዮም። ከምቲ ወለድና "ቈልዓ ከም መዕበያኡ፡ መሬት ከም ሓራሲኡ" ዝበሉዎ፡ ከምዚ እናበልና እስከ ደቅና ነዕብዮም። እዘን ብዓል "ቈልዓ ብንኡሱ ቈርበት ብርሑሱ፡" "ንቈልዓ ዝነገርካዮን ኣብ እምኒ ዝወቀርካዮን ሓደ" ዝብላ ምስላታት ከኣ ኣይንረስዓየን።

## ሓሳባት: በዓል ናጽነት ኣብ ስድራቤታት

ቤተልሄም ጴጥሮስ

ኣብ መላእ ሃገርን ወጻእን ዝርከቡ ኤርትራውያን ንመዓልቲ ናጽነት ብልዑል ወኒ ይጽምብሉዋ። ጐደናታት ይምዕርግ፡ ኮማዊ ዳሳት ብሃገራዊ ደርፍታት ይዕምር፡ ኣብያተ ትምህርቲ ምዉቕ ንጥፈታት የካይዳ፡ ህዝቢ በብኸባቢኡ ተወዲቡን ተኣኪቡን ብሓባር ይውዕል። እዚ እንሕበነሉን ክቕጽል ዘሎዎን'ዩ።

እንተኾነ ማዕረ ማዕረ'ቲ ናይ ኮማትን ብደረጃ ሃገርን ዝግበር ጽምብላት፡ ብወገነይ ብዙሕ ኣይሰጐመን ዝብሎ፡ ኣብ ነፍስወከፍ ቤት ክካየድ ዝግብኦ ጽምብል ናጽነትና'ዩ። ስድራቤታት ኣብቲ ኮማዊ ንጥፈታት ዝሳተፉ'ኳ እንተኾና፡ ኣብ ቤተን ግን ብኸምቲ ክኾኖ ዝግብኦ ዝጽምብላኦ ኣይመስለንን። "ኣብ መዓልቲ ናጽነት ኣብ ቤትና እንታይ ኢና እንገብር፧" ዝብል ሕቶ ምስ እነቕርብ፡ እቲ ጉዳይ ዝያዳ ጉሊሑን ነጺሩን ክርኣየና ይኽእል። ናይ መብዛሕትኡ ሰብ መልሲ ተመሳሳሊ ክኸውን ይኽእል'ዩ፣ ብማዕከናት ዜና ንዝፍኖ ትሕዝቶታት ምክትታል። እንተኾነ ኪኖ'ዚ ክንገብሮ ዘሎና ኣይሰኣንን'ዩ። ከምኡ ክንገብር ዝድርኸና ብዙሕ ምኽንያት ኣሎ።

ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ታሪኽ ንምትሕልላፍ፥ ብሓፈሻ እቶም ብዕድመ ድፍእ ዝበሉ ወለዲ፡ ታሪኽ መስዋእትን ጽንዓትን ዝተሰከሙ'ዮም። መዓልቲ ናጽነት፡ ነዚ ታሪኽ'ዚ ምስ ደቆም ንኸዕልሉ ዘኽእል ዝያዳ ምቹእ ኣጋጣሚ'ዩ።

ምሕያል ምትእስሳር፥ ኣብ ገዛኻ ብሓባር መዓልቲ ናጽነትካ ምጽምባል፡ ንሓድነት ስድራቤት ዝያዳ ዘሐይልን ናይ ሓርበኝነት መንፈስ ናብ ዕለታዊ ህይወት ንኽዘርኡ ድርኺት ዝፈጥርን'ዩ።

ናጽነት ውልቃዊ ጉዳይ ምግባር፥ ብደረጃ ኮም ወይ ሃገር ዝግበር ጽምብላት ሓባራዊ'ዩ። እዚ ከም ዘለዎ ኮይኑ፡ ብደረጃ ስድራቤት ምጽምባሉ ግን ምስ ናጽነት ብዝያዳ'ዩ ዘቀራርበካ። ነፍስወከፍ ስድራቤት ናጽነት ንዓኣ እንታይ ማለት ምኻኑ ንኽተስተንትን ዕድል ይፈጥረላ።

ምዕቃብ ልኣላውነት፥ ገለ ጸላእትና፡



ገና ንናጽነትና ኣብ ምልክት ሕቶ የእትዉዎ'ዮም ዘለዉ። ወለዲ፡ ብዛዕባ ናጽነት፡ ኣብ ደቆም ንጹር ኣተሓሳስባ ከስርጹ ሓላፍነቶም'ዩ። ጽምብል መዓልቲ ናጽነት ኣብ ቤት ድማ ነዚ ተኽእሎ ባብ ዘርሑ'ዩ።

ብሓፈሻ፡ ከምቲ ባህሊ መዓልታዊ ብእንገብሮ ንጥፈታት ብዝያዳ ዝዕቀብ፡ ናጽነት'ውን መዓልታዊ ኣብ ቤትና ብእንገብሮ ንጥፈታት ዝያዳ ከም እትድልድል ኣየማትእን። ኣብዚ፡ መንእሰያት ወሳኒ ተራ ኣሎዎም። ቀሊል ዝመስል ግን ጸላዊ ተራ ክህሉዎ ዝኽእል ከም ምስቃል ባንዴራ፡ ዛንታ ዝንገረሉ ግዜ ምፍላይ፣ ኣብ ገዛና፡ እንተ ተኻኢሉ ገረብ እንተ ዘይኮይኑ ዕምባባ ምትካል፡ ዝኣመሰለ ንጥፈታት ክውድቡን ብእኡ ኣቢሎም ጽምብል ናጽነት ናብ ቤቶም ከእትዉን ይኽእሉ።

ናጽነት ንመላእ ህዝቢ'ዩ ዝምልከት፡ ብደረጃ ኣብቲ መንነት ዝህንጸሉ ስድራቤት ክጽምበል ከሎ ድማ ዝያዳ ርዝነት ይህሉዎ። በዚ ከኣ ናጽነት ኤርትራ ከይተነቓነቐ ንኽነብር ዓቢ ኣበርክቶ ይህሉዎ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ዓብዱራሕማን ማሕሙድ ኣደም ምግል ተረፉ፡ ዓብዱራሕማን መሓመድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣክረም ዜን መ/ድ ኣደም ምግል ተረፉ፡ ዓብድ ኣዜን መ/ድ ኣደ፣ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ከተማ ተሰነይ ምም/ ከተማ ሸዕብ ብቑጽሪ ሊቸንሳ GBL 00003198 TIN NO 72-050-057 ድኳን ናይ ሰፊት ክዓውንቲ ብስም ዘይኑብ ሰዒድ ኣደም ዝተመዝገበ፡ ብዕለት 22/12/2025 ንቑ/መዝገብ 31/025 ኣብ ቤት ፍርዲ ተሰነይ ብህያብ ዝሃበትኒ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝኾነ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ንግዲ ዞባ ጋሽ ባርካ ከተማ ተሰነይ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘሎ ስዑዓት ጉዳይ ክውድእ ምኽንያት ኢሕበር።

ከማል መሓመድ ሙሳ

ኣመልካቲ ኣነ ዓሊ ሳልሕ ዓሊ ሐጌ ናይቲ ኣብ ኣስመራ ገዛ ጥንዳ ዝርከብ ገዛና፡ ብስም ወረስቲ ሳልሕ ዓሊ ሐጎ ዝኾንና ወ/ሮ ሰዑዳ ኣደም ዓብደላ ምስ 9 ደቆም ብኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 108958 መመክሲ ቁጽሪ 125189/125191 ዝተመዝገበ ግዚያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ኦርጂናል ሰነድ (ሊብሬቶ) ስለ ዝጠፍኣና፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ዝበል እንተልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07229064 ክሕብረና፣ እንተዘይሒዩ ግን መተካእታኡ ክውሃብ ምኽንያት ኢሕበር።

ኣቶ ዓሊ ሳልሕ ዓሊ ሐጎ

### ሓራጅ

ኣብ መዝገብ ብፍ/ቤ/ማሰል ወረ/ኑ ርዜና ሽልፒኒ ፍራቸስኮ ሪም እምባርቶ ፈረቲ +2 ብፍ/ቤ/ዕዳ ኑፍ/ዓዚዝ ስብሒ ከማል ኣቶ ሳልህ የሲፍ ሓዛት +22 ብዝተፈጥረ ክርክር ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ኣብ ገጀረትን ዕዳጋ ሓሙሰን ዝርከብ ንብረቶም ብሓራጅ ክሻቐጥዎ ስለዝተወሰነ፦

1.ኣብ ከተማ ኣስመራ ገጀረት ከቢ. ሾዳ ፈርኒቸር ጎደና 172-217-2 ኣብ 175.00 ት/ሜትር ዝተደኮነ ሰለስተ ቀንዲ ክፍልታት ሽዱሽተ ሓገዝቲ ክፍልን ዝሓዘ ህንጻ ብዝበኣል ሞያ መጠኖ ጨረታ 366.004.27 ናቕፋ (ሰለስተ ሚእትን ሱሳን ሽዱሽተን ሽሕን ኣርባዕተ ናቕፋ 27%) ተጋሚቱ ቀሪቡ ስለ ዘሎ፡ ክወዳደር ዝደሊ ካብ ዝቐረበ ግምት 1/4 በቲ ሕሳብ ዝሓዘ ወይ ብስም ፈ/ፍርዲ CPO ኣሰሪሑ ብምቕራብ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ክወዳደር ይኽእል። ተወዳዳሪቲ ክበጽሕዎ ዝደልዩ መጠን ገንዘብ ኣብ ፖስታ ብምዕሻግ ብቑጽርን ብኣሃዝን ብጽሑር ብምጽሓፍ ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ላ/ቤ/ፍርዲ ቁጽሪ 62 ቅድሚ ዕለት ጨረታ ሓሙሽተ መዓልታት ስራሕ ጀሚሩ የእትው።

* ዕለት ጨረታ ፦26/6/2026
* ሰዓት ጨረታ፦ 3:00-4:00 ድ/ቀትሪ
* ቦታ ጨረታ፦ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባኢያ ቁጽሪ 27

2.ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ዕዳጋ ሓሙስ ኣብ ጎደና ፋንጋጋ-20 ኣብ 180 ት/ሜትር ዝተደኮነ ሸውዓተ ቀንዲ ክፍልን ሰለስተ ሓገዝቲ ክፍልን ዝሓዘ መጠኖ ጨረታ ብዝበኣል ሞያ 236,160.00 (ክልተ ሚእትን ሰላሳን ሽዱሽተን ሽሕን ሓደ ሚእትን ሱሳን ናቕፋ) ተጋሚቱ ቀሪቡ ስለዘሎ፡ ክወዳደር ዝደሊ፣ ካብ ዝቐረበ ግምት 1/4 በቲ ሕሳብ ዝሓዘ ወይ ብስም ፈ/ፍርዲ CPO ኣሰሪሑ ብምቕራብ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ክወዳደር ይኽእል። ተወዳዳሪቲ ክበጽሕዎ ዝደልዩ መጠን ገንዘብ ኣብ ፖስታ ብምዕሻግ፡ ብቑጽርን ብኣሃዝን ብጽሑር ብምጽሓፍ፡ ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ላ/ቤ/ፍርዲ ቁጽሪ 62 ቅድሚ ዕለት ጨረታ ሓሙሽተ መዓልታት ስራሕ ጀሚሩ የእትው።

* ዕለት ጨረታ ፦ 26/6/2026
* ሰዓት ጨረታ፦ 3:00-4:00 ድ/ቀትሪ
* ቦታ ጨረታ፦ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባኢያ ቁጽሪ 27

NB. ኣብ ቁጽሪ 1 ቁጽሪ 2 ዝተጠቕሰ ጨረታ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ፡ ጨረታ ደው ኣይብልን። ዝያዳ ሓበሬታ ክወስድ ዝደሊ፣ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/66 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት መጺኡ ክወክስ ይኽእል።

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

# Vacancy Announcement

The Embassy of Japan is inviting applicants for the following position.

| | |
|---|---|
| Position | Clerk |
| Number Required | One |
| Requirements | • Bachelor's degree or above<br>• Fluent in English (speaking and writing)<br>• Excellent communication and interpersonal skills<br>• Computer skills necessary to create documents and materials, etc. (especially MS Word, Excel, and PowerPoint) |
| Duties | • Assistance duties for diplomatic activities by the Embassy (schedule coordination of the diplomats, research, document creation, speech writing, etc.)<br>• Other duties specifically instructed by the diplomats of the Embassy |

How to apply:
Please send the documents listed below by mail to the address below. The application must be received within 10 days from the publication date of the newspaper in which this announcement is published. All documents received after the deadline will be excluded from consideration.

Embassy of Japan
P.O. BOX 1131
Asmara, Eritrea

- CV (face photo, date of birth, gender, home address, phone number, email, educational background, and work experiences)
- Photocopy of ID
- National Service completion document
- Proof of no crime records
- Recommendation letter from the current or past employer(s)
- Academic graduation certificates, diploma, etc.

Only shortlisted candidates will be contacted after the document screening.

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ የርሳሌም ገብረኪዳን ሓደራ፥ ወከል ለድያ ገብረኪዳን ሓደራ፥ ኣደይ ጉት ናይዝጊ ተሰፋማርያም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኢንቲሳር ሳልም ሰዒድ ምባል ተረፉ፥ ዳምያና ሳልም ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ኣኽሊሉ ወልደገርግሽ፥ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሻም ኣማኑኤል፥ ንሓዳር ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ሰላስ መኾ ተኽሉ፥ ኣደይ ዘፋን ገብረእዝጊ ሓምባር ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ፍረወይኒ ተኪኤ በርሀ፥ ስም ኣደይ ዛይድ ተኽለየሃንስ ምባል ተረፉ፥ ዛይድ ተሰፋሃንስ ዘርኡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣልጋሽ ተሰፋዝጊ ጸጋ፡ ብዓል ቤተይ ተስፎም እያሱ ዑቕባዝብሄር ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 8 ደቕና ድማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.32 ይቕረብ።

ከሳሲት ኣልጋሽ ተሰፋይ በየነ፥ ተኸሳሲ ኣብርሃም ቀለታ ወልደኣብ፥ ንሓዳር ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

የርዳኖስ ተወልደ ተሰፉ ምባል ተረፉ፥ የርዳኖስ ተወልደ ተሰፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ከሳሲ በየነ ስምኦን ዘሞ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ኻፍ ኢያሱ ኣሕፈርም ኣስበዶም፡ ወ/ሮ ሄለን ተኽሉ፥ ራይሞን ኢያሱ ኣሕፈርም፡ ሚሮን ኢያሱ ኣሕፈርም፡ የራን ኢያሱ ኣሕፈርምኤልዳና ኢያሱ ኣሕፈርም፣ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ብፍ/በ/ማሰል ዘውዲ ስብሃትለኣብ፥ ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ምልእተ ነጋሽ፥ ናይ ፈጸሚ መዝገብ ተኸፊቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

የናታን ምሉብርሃን ደስታ፡ ስም ኣደይ ሙሉ ደስታ ምባል ተረፉ፥ ሙሉዳ መልከ ኣባተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

መርሃዊት ወልዳይ ገብሩ ምባል ተረፉ፥ መርሃዊት ወልደገብርኤል ገብሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ ቁ.38 ይቕረብ።

ሰናይት ሓድጉ ዑቕባዝጊ፥ ኣቦና ሓድጉ ዑቕባዝጊ ገብረያሱስ ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣብ መንን ብፍ/በ/ማሰልን ብፍ/በ/ዕዳን ዘሎ ናይ ፈጸሚ ዝምልከት ጉዳይ፥ ብፍ/በ/ዕዳ ቁ.2 ኣቶ ሓሰን ኣልሰይድ ዓሊ፥ ኣድራሻኻ ብዘጼር ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ሩታ ሃብተማርያም ከበደ፥ ኣቦና ሃብተማርያም ከበደ ደረስ ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ብፍ/ሰ/ዕዳ ኣቶ ተስፋስላሰ ፍስሃጼን ብመንገዲ ብፍ/ሰ/ማሰል የዲት ገብረሚካኤል ሃብተ ናይ ፈጸሚ ክርክር ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲ ሳዶር ኤፍሬም ፍስሃየ፡ ተኸሳሲት ተኽኣ ፍስሃጽዮን ሃብተጋብር፥ ንጎኺ ዝምልከት ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣቶ ሳሞኤን ገብረያሱስ ዘዮ፥ ሓፍትና ኣበባ ገብረያሱስ ዘዮ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ቢንያም በረኸትኣብ ኣባዩ፥ ብዓልተ ቤተይ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ደቕና ድማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ብርሃ ኣፈወርቂ ሃይሉ፥ ኣሕዋተይ ሃብተ ኣፈወርቂ ሃይለን እስቲፋኖስ ኣፈወርቂ ሃይለን ስለዝተሰውኡ፥ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ት/ዕድመ ኣማኑኤል ሚካኤል ምባል ተረፉ፥ የሲያስ ሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ለምለም ሃይለ ከተማ፥ ብዓል ቤተይ ጺጋይ ዑቕባሚካኤል ገብረ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 13 ደቁ ድማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣልጋሽ ፍስሃጽዮን ተኽሉ፥ ተጸዋዒ ኣቶ መንግስትኣብ ጣንተይርጋ እምነ፥ ናይ ሞግዚትነት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ጣዕሙ እድሪስ ዓሊ ምባል ተረፉ፥ ንዕማ እድሪስ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ፍረሰላም ከሰተ በላይ፥ ተኸሳሲ ኣቶ ኢሰያስ ገብረማርያም ዓንደጽዮን፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸዕዳ ክርስትያን

ኮኾብ ኪዳነ ወልደዳዊት፡ ስም ኣደይ ትርሓስ ተኽልያ ኣልመደም ምባል ተረፉ፥ ትርሓስ ተኽለይ ኣልመደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወልዱ ወልደብርሃን ፍስሃጼን ምባል ተረፉ፥ ወልዱ ተወልደብርሃን ፍስሃጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ሃይማኖት ተስፋማርያም እንድርያስ፥ ብዓል ቤተይ እዮብ ቀሺ ገብረማርያም ነጋሲ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቕና ድማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ያቆብ ገብረ ጠሉቅ ምባል ተረፉ፥ ያዕቆብ ገብሩ ጠሉቕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የብል ጺጋይ ገብረማስቀል፡ ኣቦና ጺጋይ ገብረማስቀል ሃብተማርያም ወልዳይ ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓምድ እድሪስ ኣሕመድ ምባል ተረፉ፥ ሐመዳይ እድሪስ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ዘቢብ ዘርኣጋብር ገብረመድህን፥ ብዓል ቤተይ ፍሊሞን ካሳይ የሴፍ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 2 ደቕና ድማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳምራዊት ዳዊት በየነ +5፡ ዓብይና ወ/ሮ ርግኣት ገብረት፡ ኣብ ዓዲ ከፈለት ን/ዞባ ድባርዋ ጠሳ ገዛ ብለዋ ስለ ዝበደፈትልና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፋሚካኤል ኣርኣያ ተኽለማርያም ምባል ተረፉ፥ ተስፋይ ተኪኤ ማሕረይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ስም ኣደይ ድማ ለተንስአ ወልዱ ዑቕባጽዮን ምባል ተረፉ፥ ምሕረት ኣርኣያ ተኽለማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ሳምሶም ገብርሂወት ገብረገርግስ፥ ኣደይ ብርኽቲ ደስታ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣስቴር ስዩም፡ ብዓል ቤተይ ሰለሙን ኣብርሃ ገ/ትንሳኤ ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቕና ድማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፋጋብር ዘውደ ገብረማርያም ምባል ተረፉ፥ ተስፋያሱስ ዘውደ ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ዳኒኤል ሃብተማርያም፡ ተኸሳሲ ቁ.2 ሓለፎም ኣማረ፥ ናይ መዕበይ ቆልዓ ካሕሳ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣቶ ሳምሶም ገብርሂወት፡ ኣደይ፥ ብርኽቲ ደስታ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጣዛራ ረጃ በሩሄ፡ ስም ኣደይ ሰታኑር ርዝቁበሽር ምባል ተረፉ፥ ዘምዝም ርዝቁ በሽር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ጸዕዱ ሃብቱ መሓሪ ተኸሳሲ በራኺ ካሕሳይ ሰንጋል፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲት ኣኽበረት ተወልደ ተ/ሚካኤል፥ ተኸሳሲ ተወልደ ዓንደሚካኤል፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን12/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ዚዮዳ ንጉሰ ኣለም ምባል ተረፉ፥ ኣርሴማ ንጉሰ ኣለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ. ኤፍሬም ገብረእግዚኣብሄር ገብሩ፥ ተጸዋዒት ሰላም ብርሃ ኣለም፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፥ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጢ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ፍርቱና እዮብ መሓሪ ምባል ተረፉ፥ ጸጋዎት እዮብ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ግርማይ ተኸስተ የሃንስ ምባል ተረፉ፥ ኤርምያስ ተኸስተ የሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ልድያ ዓንደብርሃን ምባል ተረፉ፥ ሳሊም ዓንደብርሃን ዞሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብስራት ቴድሮስ ኣርኣያ ምባል ተረፉ፥ ኤልዳና ቴድሮስ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መቓርካ

ኣስቴር ገብረሚካኤል ወልደሚካኤል ምባል ተረፉ፥ ውሓዚት ገብረሚካኤል ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን8/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ኣበባ መድሃኔ ይመስገን፥ ብዓል ቤተይ ክብሮም ገብረእግዚኣብሄር ብርሃ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 11 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ስምረት ሃብቱ ወልደሚካኤል፥ ብዓል ቤተይ ጎይትኦም ሃይለ ተስፉ ስለዝተሰወኡ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣኸበረት ሓድሽ፥ ብዓል ቤተይ ገብረሃዋርያት ትካእ ስለዝተሰወኡ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትርሓስ ተወልደብርሃን ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተረፉ፥ ርሕስቲ ተወልደብርሃን ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን12/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ወ/ሮ ሂወት ተስፉ፥ ኣደይ ኣብርሀት ሓጎስ ሃይለ ስለዝዓረፈት፥ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ጎይትኦም ገብሩ ሃብተየሱስ፥ ስም ኣደይ ዛፍ በርሀ ወልደገብረኤል ምባል ተረፉ፥ ዘበሸ ዛይድ ገለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ገብረእግዚኣብሄር ገብረስላሴ ወልደገብረኤል ምባል ተረፉ፥ ገብረእግዚኣብሄር ኪዳነ ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ድሴት ሓጎስ ሃይለ ምባል ተረፉ፥ ሚካኤል ሓጎስ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብርሀ ተስፋሚካኤል ኣውዓለ ምባል ተረፉ፥ ኣብረሁ ተስፋሚካኤል ኣውዓሎም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የሳን ክፍለ ኣርኣያ ምባል ተረፉ፥ መርሃዊት ክፍለ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ኣቶ ሬገን ኣምባሳጀር ዘርኦም፥ ኣቦይ ኣምባሳጀር ዘርኦም ገብረእግዚኣብሄር ስለዝተሰወኡ፥ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሓዋ ሳልሕ ኣሕመድ ምባል ተረፉ፥ ሓዋ ሳልሕ ሐመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ኑር ኣሕመድ ሐሞ ምባል ተረፉ፥ ኑር ኣሕመድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣፎም የማን ገብረዝጊ ምባል ተረፉ፥ ኣፈወርቂ የማን ገብረዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዑመር ዓብዱ ዑመር ምባል ተረፉ፥ ዑመር ዓብዱ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ዚና ዜን መ/ድ ኣደም ምባል ተረፉ፥ ዚና ኣዜን መ/ድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን12/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዘይኑብ ዜን መ/ድ ኣደም ምባል ተረፉ፥ ዘይኑብ ኣዜን መ/ድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን12/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ንዕማ ዜን መ/ድ ኣደም ምባል ተረፉ፥ ንዕማ ኣዜን መ/ድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን12/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣምለሰት ተወልደብርሃን ተስፋገርግሽ፥ ስም ኣደይ ለኾት ሃብተገርጊስ ሰለሙን ምባል ተረፉ፥ ለኾ ሃብተገርጊስ ተስፋጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓሚር መሓመድሰዒድ ዓሊ ምባል ተረፉ፥ መሓመድ ዑመር ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ገብረንጉስ ተስፋይ ሐሴን፥ ኣቦይ ተስፋይ ቀለታ ተስፋገርግሽን ኣደይ ንጽሕቲ ዘርኤ ዑቕባሃንስን ስለዝዓረፉ፥ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣኸበረት ኣብርሃለይ ባህታ፥ ብዓል ቤተይ ኣማን ተስፋዝጊ ክፍለ ስለዝተሰወኡ፥ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰዚ ሞንስ ኪዳነ ምባል ተረፉ፥ ፍትሓዊት ሞንስ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ማሕሙድ ጆምዕ ኣደም ምባል ተረፉ፥ ማሕሙድ መሓመድጆምዕ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኻልድ ገብሩ ዑመር ምባል ተረፉ፥ ኻልድ ገብሩ የገን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን1/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

መሓመድ ዑመር ኣድሓና ምባል ተረፉ፥ መሓመድዑመር ኣድሓና ሕላፍ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ሕሴን ሓመድ ሰዒድ ጆምዕ ምባል ተረፉ፥ ሕሴን ሰዒድ ጆምዕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ተኽለወይኒ ወልደሃንስ ከሰት ምባል ተረፉ፥ ምስየኽ ወልደትንሳኤ ከስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ኣቶ ተኽሉብርሃን ገብረሂወት ኣርኣያ፥ ኣቦይ ገብረሂወት ኣርኣያ ገሾሻ ስለዝዓረፈ፥ ንሕና 6 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ኮኾብ ገብረትንሳኤ ርእሶም ምባል ተረፉ፥ዳናይት ገብረትንሳኤ ርእሶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን12/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ሳልሕ ማሕሙድ ዑስማን ምባል ተረፉ፥ ሳልሕ መሓመድ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣነ ደርጋኣለም መሓሪ ወልደሚካኤል፥ ብዕለት 21/4/2026 ዓ/ም ብቑ.መለለዪ መሬት 1፡005583 ብስመይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ኣብ ምምሕዳር ን/ዞባ ገጀረት ዝርከብ ዚፕ -1A179 ፕሎት-9 ፓርሰል A ጉደና ፍረሰገ ቁ.ገዛ 39 ስለዝሸጥክዎ'ሞ ስም ምትሕልላፍ ክገብር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸመለይ ምዃነይ ንሕብር።

ወ/ሮ ደርጋኣለም መሓሪ ወልደሚካኤል

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ምም/ከባቢ. ገዛ ዐብል ጎደና 135-27 ፓርሰል ID NSP0003336 ፕሎት ID AST00005120-10R ዚፕ ኮድ 1A135 ስፍሓት መሬት 220.50 ት/ሜ፣ 2 ቀንዲ ክፍሊ፥ 2 ክፍሊ ዝተደኮኖ ብስም ወረስቲ ነ/ሄርት ንግስቲ ዑቕባስላሴ ጸጋይ ዝተመዝገበ፥ ፍርቂ 108 ት/ሜ ስለ ዝዓደኩዎ፥ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝኾነ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራልን ቤ/ጽ ኖታሪን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፥ ብዘሎ ሰነዳት ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ኣብርሃ ኪዳነማርያም ብርሃ

# ጽንዓትና ዋሕስና!

## ጽምብል መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት ባህላዊ ካርኒቫል














ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቓድር
ክብሮም ጸሃየ
ኣብርሃም በየነ
ሄኖክ ተኸለገርግሽ



ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ገስጋስ ኣብ ልምዓት ማይ፡ ኣብ ውሽጢ 35 ናይ ናጽነት ዓመታት

‘ማይ ህይወት’ዩ’ ክበሃል ከሎ፡ ክቡርን መተካእታ ዘይብሉን ጸጋ ምዃኑ ንምግላጽ’ዩ። ብዘይ ማይ ዝነብር ህይወታዊ የለን። እቲ ጸቡቕ ነገር ከኣ፡ ዓለምና ብማይ ሃብታም ፕላኔት ምዃና እዩ። ሰለስተ ርብዒ ካብ ጠቕላላ ስፍሓታ ብማይ ዝተሸፈነ እዩ። ይኹን’ምበር፡ ብሕጽረት ጽሩይ ዝስተ ማይ ዝሳቐ ነብራ እልቢ የብሉን።



ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሃብቲ ማይ መሃንድስ መብራህቱ እያሱ

ማይ፡ ኣብ መስርሕ ምንባርን ምንባብርን ፍጡራት ረብሓኡ ጸብጺብካ ኣይውዳእን። ስርዓት ዑደት ማይን ክሊማን ኣብ ምርግጋእ፣ ቀጻልነት ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ኣብ ምውሓስ ድማ፡ ግደኡ ዕዙዝ እዩ። ቀረብ ውሑስን ጽሩይን ማይ፡ ካብ መሰረታዊ ጠለባት ደቂ-ሰብ እዩ። ይኹን’ምበር፡ ብሰንኪ ዘይውሕሉል ኣጠቓቕማ፡ ብብኸለ ማይን ዋሕዲ ቀረብ ማይን ዝሳቐ ህዝቢ ዓለም ብዙሕ እዩ። ዋሕዲ ማይ ጽልዋኡ ኣብ ህይወታዊ ብዙሕነት ብሩህ ኮይኑ፡ ነቲ ሾግር ንምፍታሕ ዝወሃብ ግዜን ዝዘልቕ ንዋታዊ ጸጋን ብዓይኒ ቀጠባ ክርአ ከሎ ከቢድ እዩ።

ዕቤት ስርዓት ቀጠባ ክረጋገጽ ኣቕርቦት ማይ ወሳኒ ግደ ይጻወት። ዝ ንምርግጋጽ፡ ማይ ንምውህላል ሰፊሕ ወፍሪ የድሊ። ምውህላል ጥራይ ዘይኮነ ግን፡ ደቂ ሰብ ምእንቲ ረብሓና ክንብል ብኸለ ምክልኻልን ውሕሉል ኣጠቓቕማን ከተኣታቱ የድሊ።

ንሎሚ ኣብዚ ዓምዲ፡ ንጉዕዞ ገስጋስ ልምዓት ማይ ኣብ ውሽጢ ዝሓለፈ 35 ዓመታት ናጽነት ኣብ ሃገርና እንታይ ይመስል፡ ማይ ንምውህላል እንታይ ተሰሪሑ፤ ክሳብ ሕጂ ቀረብ ሽፈን ጽሩይ ዝስተ ማይ ኣብ ሕብረሰብና ከመይ ኣሎ፤ ንልምዓታዊ ንጥፈታት ዘገልግል ማይ ኣብ ምኽዛን ብደረጃ ሃገር ዛጊት ተበጺሑ ዘሎ ደረጃ ብኸመይ ይግለጽ፤ ዝተርፈና ንምምላእ እንታይ ዓይነት ስራሕ ይጽበየና ኣሎ…፤ ዝኣምን ካልኦትን ሕቶታት መብርሂ ንምርካብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን፡ ዋና ኣካያዲ ክፍሊ ሃብቲ ማይ መሃንድስ መብራህቱ እያሱ ዝሃቦና ሰፊሕ ሓበሬታ ይስዕብ፦

ኣብ ዝሓለፈ 35 ዓመት ናጽነት ኣብ ማይ ዝተኻየደ ወፍሪ ክትገልጸልና፧

ኩልና ከም እንፈልጦ ማይ፡ ቀንዲን ናይ መጀመርታ ባእታ ማሕበረ ቁጠባዊ ምዕባለን ናይ ሓደ ሕብረተሰብ እዩ። ኣብዚ እቲ ብመጀመርታ ዝስራዕ ድማ፡ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ እዩ። እዚ ማለት ጥዑይ፡ ኣፍራዪ ሕብረተሰብ ክህልወና፡ መጀመርታ ጥዕናኡ ዝተሓለወ ጽሩይ ዝስተ ማይ ክረክብ ክኽእል ኣለዎ። ኣብዚ ኣብ ጸባሕ ናጽነት ዝጸንሓና ሽፈን ቀረብ ማይ ኣብ ሃገርና እንታይ ከምዝመስል ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ። ካብዚ ብምብጋስ፡ ኣብ ገጠራትን ከተማታትን ሃገርና ከመይ ከም ዝነበረ ንምርኣይ ዝኣክል፡ ኣብ ገጠራት፡ ካብ ጠቕላላ ኣብኡ ዝነብር ህዝብና ትሕቲ 7 ሚእታዊት ጥራይ’ዩ ተጠቃሚ ጽሩይ ዝስተ ማይ ነይሩ። ኣብ ከተማታት ምናልባት ኣስመራ ከም ማእከል ናይ ኩሉም ተኸታቲሉ፡ ግዱእ ስርዓታት ስለ ዝነበራ፡ ንኩሎም ክብሉ ብሓደ ወገን ከተማ ኣስመራ ድማ ብዙሕ ህዝቢ ዝነብራ ብዝተሞጉዲ ዓቢይ ስለ ዝኾነት ክኸውን ይኽእል በቲ ኻልእ ዝተዋደደ ሽፈን ቀረብ 30 ሚእታዊት ጸኒሑና።

ወዲ ሰብ ንኽነብርን ጥዕናኡ ዝተሓለወ ክኸውንን ዝስተ ጽሩይ ማይ ክረክብ መሰል’ምበር ናይ ጌጽ ኣይኮነን። ካብዚ ዝበዝሕ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ንዜጋታት ሓደ ካብ ሰብኣዊ መሰል ተባሂሉ ብዙሕ ግዜ ተሓሊቑ ዝዝረብሉ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ብወገኑ፡ ንኣገዳስነት ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ብፍላይ ኣብ ምዕባለ ማሕበረ ቁጠባዊ ሕብረሰተብና ኣገዳስነቱ ስለዝተገንዘበን ዝተረድኦን ካብ ጸባሕ ናጽነት ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ ከም ቀዳምነት ሰሪሑ ብዘይምቁራጽ ክሰርሓሉ ጸኒሑን ኣሎን። ከምዚ ዝተጠቕሰ ናጽነትና ካብ እንረክብ ድሮ 35 ዓመት ኮይኑ ኣሎ። ኣቕርቦት ማይ ንምውሓስ በልዩናት ናቕፋ ወጻኢታት ዝተገበረሉ ዝፍ ወፍሪ ክግበረሉ ጸኒሑን ኣሎን። ስለዚ፡ ብዝተኻየደ ጻዕርን ስራሕን ክሳብ መውዳእታ ናይ 2025 ሽፈን ቀረብ ማይ ኣብ ሃገርና፡ ኣዝዩ በሪኹ እዩ። ቀጻልነቱ ንምርግጋጽ ብዙሕ ወጻኢታት ዝሓትት ናብዩትን ምክትታልን ይግበረሉ እዩ። ክሳብ ሕጂ ደረጃ ተጠቃምነት ጽሩይ ዝስተ ማይ ኣብ ሃገርና ብሚእታዊት ክርአ እንከሎ፡ ኣብ ገጠር 80 ሚእታዊት፣ ኣብ ከተማታትና 99 ሚእታዊት፣ ከተማን ሓውሲ ከተማን ድማ 95 ሚእታዊት በጺሑ ኣሎ። ብኣጠቓላሊ ሽፈን ቀረብ ማይ ብደረጃ ሃገር ኣብ ገጠራትን ከተማታትን ደሚርካ ክንርእዮ እንከለና ድማ፡ 85 ሚእታዊት በጺሑ ኣሎ ክንብል ንኽእል።

እዚ ብጠቕላላ ዓድታት ክርአ እንከሎ፡ ንሕና ከም ክፍሊ ሃብቲ ማይ እንካይዶ መጽናዕቲ ረኺብናዮ እንብሎ ኣሃዚ 2750 ዓድታት ዝበል’ዩ። ካብዚኦን ዳርጋ እተን 57 ሚእታዊት ተጠቀምቲ ጽሩይ ስርዓት ቀረብ ማይ ክኾና ክኢለን ዘለዋ እየን። ኣብዚ እተን መጀመርታ ዝተበጽሓን ቀልጠፈን ክረኽብ ዝኸኣላ፡ ሓደ ጻዕቂ ህዝቢ ዘለወን ዓበይቲ ዓድታት እየን። ተረፈናና እንብለን ቁሩብ ራሕቂ ዘለወን ምስኡ ድማ ስሑው ህዝቢ ዘለወን እየን።

ኣብ ከተማታትና ዝተገበረ ኣቕርቦት ንዝምልከት ድማ፡ ከተማታትና ኣቕርቦት ማይ ኣለዎ የብሉን ኢልና ክንዛረብ ኣይንኽእልን ኢና። ሚእቲ ሚእታዊት ስርዓት ቀረብ ማይ ተዋዲዱሉ ኢልና’ውን ክንዛረብ ምኸኣልና ነይርና። ሚእቲ ሚእታዊት ይትረፍ ግን 95 ሚእታዊት እንተበልናዮ እውን ውሑድ ኣይኮነን።



ህንጸት ፕሮጀክትታት ቀረብ ስርዓት ማይ



ብፍትና መለክዒ ስርዓት ቀረብ ማይ ሰለስተ ደረጃታት እዩም ዘለዉና። ንሳቶም፦

ቀዳማይ ደረጃ፦ መስመር ማይ ኣብ መንበሪ ቤት ምስ ኣተወ እዩ። ኣብ ውሽጢ እቲ ግዝኣ ኣይተኻን ከኣ ቀጽሪ መንበሪ ኣብይቲ ኣብ ተደኩኑሞሉ ዘለዉ ምስ ዝበጽሕ እዩ።

ካልኣይ፦ ዓድታት ኤርትራ ካብ ዝምስረታ ናይ ዘመናት ዕድመ ዘለወን እየን። ኣብቲ ዝተመስረታሉ እዋን ኣፍልጦ ናይ ብውጥኑ ብዝዛይዎን ምስራሕ ኣይነበረን። ኣብዚ እዋንዚ ግን ዝተረፈና ብዙሕኳ እንተሎ፡ ምምሕያሽ ግን ይመጽእን ደርአን ኣሎ። ስለዚ፡ ግደን ናይ ማይ ኣቕርቦት ክንገብረለን እንተደኣ ኴንና፡ በቲ ዝጥዕም ኣገባብ ክኸውን ስለዘየገብኡ ኣብ ሓንቲ ዓዲ ብመሰረት ዘሎ ተጠቃሚ ብዝሒ ህዝቡ ነቑጣታት መዕደሊ ማይ ከምዝህልዋ ብምግባር፡ ብዝተኻእለ መጠን ድማ ኣፍሲ-ወከፍ ስድራ ካብ ካብ 50 ክሳብ 100 ሜትሮ ኣብ ዘየርሕቐን ካብ ናይ ሓባር መዐደሊ ነቑጣ ማይ ክረኽብ ከም ዘለዋን ዝግበር እዩ።

ሳልሳይ ደረጃ፦ ኩሉ ግዜ ስርዓት ቀረብ ማይ ከተዋድድ እንከለና፡ ዓቕሚ ህዝቢ ኣብ ግምት ይኣቱ እዩ። ኣብ ናይ ምጽጋን ስራሕ፡ ሓለውቲ ናይቲ ስራሕ ይኹን ማይ ከፊሎም ዝዕድሉ ብደሞዝ ስለ ዝሰርሑ፡ ህዝቢ ብዓቕሙ ንክ ካብዚ ዝሕተት ወጻኢታት ክሽፍን ክኽእል ኣለዎ። እዚ ክኑብር እንተደኣ ዘይከኣል ኮይኑ፡ ስርዓት ቀረብ ማይ ኣዋዲደካ ዋናን ዝቲታተሉ እንተዘይብሉን ዝህቦ ኣገልግሎት ቀጻልነት ዘይብሉ ክኸውን ስለዘኽእል፡ ኩሉ ግዜ ዝ ኣብ ግምት እንኣትዎ ኢና።

ካልእ፡ እታ ዓዲ ከምዚ ዝተጠቕሰ ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ኪጋጥም ንዘኽእል ወጻኢታት ክትሸፍን ዓቕሚ ዘይብላ ምስ እትኸውን ነርታ፡ ተጠቃሚ ጽሬቱ ዝተዋሕሰ ማይ ካብ ነቑጣ ከይዱ ማዩ ቀዲሑ ክጥቀም ከም ዘለዎ ይግበር። ስለዚ፡ ንኽምዚኣን ዝኣመሰለ ዓድታት፡ ዒላ ተኳዒቱለን እንተስ መገለል ናይ ኣድ ፖምፓታት ወይ መገለሊታት ተተኸሊለን ነብተን እንተ ነውሐ ካብ 200 ሜትሮ ዘይሓልፍ ተጓዒዞም ማይ ክረኽቡ ከም ዘለዎም ይግበር።

ካልእ፡ ከምቲ ደጋጊመ’ውን ዝጠቐስክዎ፡ ምቛም ህዝባዊ ትካላት፡ ንህዝቢ ኣገልግሎት ንምሃብ ዝተዳለወ ስርዓት’ዩ። ህዝባዊ ትካላት ዝተፈላለዩ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ናብ ዝህቡ ትካላት ዝውሕዝ ተገልጋሊ ድማ ብዙሕ’ዩ። ኣብያተ ትምህርቲን ትካላት ጥዕናን ከም ኣብነት እንተደኣ ርኢና፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ብዓብኡ መምህራንን ተመሃሮን፣ ኣብ ትካላት ጥዕና ድማ ሓካይምን ሕሙማትን ኣለዉ። እዚኣቶም ጥዕናኦም ክሕሎ፡ መጀመርታ ክውሓሰሎም ዘለዎ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ’ዩ። ስለዚ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ንሕና እነዋድዶ ፕሮጀክት ናይ ማይ ብዝተኻለ መጠን እዞም ዝተጠቕሱን ካልኦት ትካላትን ኣብኡ እቲ ዋት ምዃኖም ነረጋግጽ ኢና። ብሓደ ሓደ ምኽንያት ምናልባት ኣቐዲሞም ተሰሪሖም ዝነበሩ ግን ከኣ ምስ ናትና ውጥን ምናልባት ዘይምችእ ኣቀማምጣ ምስ ዝህልዎም እሞ ድማ ክሳብ ሕጂ ዘይተበጽሑ ክኾኑ ይኽእሉ ግን ብጥዝኣም ክበጽሑ ምኳኖም ርግጸኛታት ኢና።

በዚ መንጽር ክሳብ ሕጂ ኣብ ሃገርና ካብ ዝርከብ 870 ዝኾና ትካላት ትምህርቲ፡ ስርዓት ቀረብ ማይ ከም ዝበጽሖን ክግበር እንከሎ፡ ኩለን ኣብ መላእ ሃገር ዝርከብ ትካላት ጥዕና ማይ ከም ዝበጽሖን ተገይሩ ኣሎ። ብሓፈሻኡ ካብተን ክሳብ ሕጂ ዘለዋና ትካላት ወሃብቲ ህዝባዊ ኣገልግሎታት ስርዓት ኣቕርቦት ኣገልግሎት ማይ ዝተዋደደሎም 65 ሚእታዊት በጺሕና ኣለና። ኣብዚ ኩሉ ክፈልጦን ክርድኦን ዝግባእ፡ እዚ ስራሕ ናይ ክፍሊ ሃብቲ ማይ፡ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ጥራይ ዘይኮነ፡ ዝምልከቶም ኣካላት ሚኒስትሪታት ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ፍትሒ ወዘተ ካልኦት ሚኒስትሪታት ክተሓባበሩ ከም ዘለዎም ይግበር እዩ።

ብመሰረት ክሳዕ ዝጸናሕና ዝርግሐ ኣቕርቦት ስርዓት-ቀረብ ማይ ኣብ ሃገርና፡ ክሳብ ሕጂ ብመገለል ናይ ኣድ ዝጥቀሙ 695 ዓድታት፡ ምሉእ ስርዓት ቀረብ ማይ ማለት ከይደካ ናይ ምቕዳሕ ወይ ኣብ ጉዝጓ ዘሎ ቱቦ ናይ ማይ ቀዲሕካ ናይ ምጥቃም ኣብ ግምት ዘእተወ ድማ፡ 1565 ዓድታት በጺሐወን ኣሎ። እቲ ዝ ዘገልግል ምንጪ ጸዓት ካብይ ንዝበል ድማ፡ ገለኡ ብጸሓያዊ ስርዓት፣ ገለኡ ብጀነረተር፣ ገለ ድማ ዝርግሐ ኤለክትሪክ ዝጥቀሙ ኮይኖም፡ ብድምር ክሳብ 890 ዝኾና ዓድታት ስርዓት ቀረብ ማይ ኮይነን ኣለዋ።

ብዘይካ’ዚ ዝጠቐስናዮ ስርዓት ቀረብ ማይ ዝተሰርሐ ትሕተ ቕርጺ እውን ኣለዉና። ምንጪታት ማይ ከውሕስ ስለ ዘለና፡ ክሳብ 3 ሽሕ ዝኾና ኣብዚ ዝተጠቕሰ መዓላ ዝውዕላ ዒላታት፣ ዕቡቶም ክፈላለዩ ዝኽእሉ 900 ዝኾኑ ከዝንቲ ማይ ኢጋንእ ከምኡ ድማ 2775 ኪ.ሜ ዝንውሓቱ ሻምቀታት ማይ ተዘርጊሖም ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ይርከቡ። እዚ ኩሉ ስራሕ ኣብ ብዝሒ ተጠቀምቲ ምርኩስ ዝገበረ እዩ። ዝተሰርሑ መዕቁሪ ብመንጽር ዝኽዘንዎ ማይን ኣብ ገለኡ ዓድታት ናይ 25 ሜተር ኩብ፡ ኣብ ገለ ዓድታት ድማ ናይ 50፡ 75 እናበለ፡ ክሳብ 100 ሜተር ኩብ ማይ ክሕዙ ዝኽእሉ ኮይኖም’የም ተሰሪሖም። ኣብ ከተማታት ምስ እንምልከት ከኣ፡ ክሳብ 500 ሜተር ኩብ ኢጋንእ ዝተሰርሓለን ኣለዋ። እዚኣን እተን ነብተን ብመስመር ማይ ማለት ብመንገዲ ናይ መዐደሊ ነቑጣን ብናይ ኣድ ፖምፓን ዝረኽቡ እየም። ክሳብ ሕጂ ካብ ዝተገብረ ዳህሳስ፡ ከተማታትናን ዓድታትናን መጽናዕቲ ተኻዪዱለን ኣሎ። ሓበሬታ’ውን ተኣኪቡ ኣሎ።

ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ገዛ መስመር ማይ ናይ ምዝርጋሕ ተበግሶ ብምውሳድ፡ ተጠቀምቲ ጽሬቱ ዝተዋሕሰ ቀረብ ማይ ክጥቀማ ክኢለን ዘለዋ ዓድታት ብዙሓት እየን። ገለ’ውን ነቲ ተበግሶ ጀሚረን ኣብ መስርሕ ዝርከብ ዓድታት ኣለዋ። ኣብዚ፡ ኣብ ዞባ ማእከል በለዛ፡ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ደቂ ሽሓይ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ድማ ቀላይ በዓልቴት ወዘተ ከም ኣብነት ክጥቀሳ ይኽእላ። እዚ ከምዚ እናኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ዓድታት ንእሰ ዞባ ሰረጀቓ ዝተበገሳ ዓድታት ብኣብነት ምርኣይ ይከኣል። ነብተ ነፃዘን ዓድታት ቁጽርቲ ኣእትየም ማይ ክረኽቡ ዝኸኣሉ’የም። ብዘይካ’ዚ፡ ኣብዚ እዋን’ዚ፡ ረብሓን ጥቕሚን ክሳብ ቤትካ ዝዝርጋሕ ቀረብ ማይ ዝተረድኣ ዓድታት፡ ‘ንሕና’ውን ካብ መን ሓሚቕና፡’ ዝበል መንፈስ’ውን ስለ ዘሎ፡ ኣብ መጻኢ እዝን ክብ ኢለን ብኣብኑት ዝተጠቕሳ ዓድታት ዘየድእ ንጥፈታት፡ ብብዙሓት ዓድታት ክሰዓብ ምኳኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ብኣጠቓላሊ ክሳብ ሕጂ በጺሕናዮ እንብሎ ኣብ ገዛ ብዝተዘርግሐ መስመር ናይ ማይ ዝጥቀማ ስድራ ቤታት ዘለና ገምጋም፡ ኣስታት 60 ሽሕ’ዩ።

**ምንጪ፦ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ**

**ይቕጽል…**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

# ኣርሰናል፡ ሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ ኮይና

## ትጽቢት 22 ዓመታት ኣብቂዑ!

እንግሊዛዊት ክለብ ኣርሰናል፡ ሰንበት ናይ መዛዘሚ ጸወታኣ ከየካየደት፡ 'ሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ 2025-26' ኮይና - ማን ሲቲ ሰሉስ ምሸት ኣብ ሜዳ ቦርንማውዝ 1-ብ1 ብምፍልሊያ።

ኣርሰናል፡ እዚ ወቕቲ ክፍልም እንከሎ፡ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ክተልዕል ዝኸኣለት ተንታኒ ዝውሓደ ነይሩ። ንኣብነት፡ ካብኦም 33 ተንተንቲ ማዕበን ዜና ቢቢሲ፡ እቶን ሽዱሽተ ጥራይ እየም ክትዕወት ገሚቶም። ብተመሳሳሊ ሽዱሽተ ካልኦት፡ ንማን ሲቲ ሓጺዮማ፡ እቶም 21 ግና፡ ንናይ ዓሚ ሻምፕዮን ሊቨርፑል እየም ክብራ ክትዕቅብ ገሚቶም።

ብሓፈሻ፡ ወላ'ኳ ልክዕ ቁጽሪ ክትረኽብ ዘይከኣል እንተኾነ፡ ዝጠዘለ ተዓዘቢ ኣርሰናል ክትዕወት ኣይገመተን ክትብል ትደፍር። ዝኸኣለት ሊግ ክትመርሖ ምስ ጀመረት'ኳ፡ ብዙሕ ኣሽካዕለሎሙላ፡

- ኣብ መወዳእታ ካልኣይቲ ምውጻእ ኣይተርፋን እዩ፣

- እግሪ ቀልዓ ይኸዱ እምበር ኣይቅድምን፣

- ኣርሰናል፡ ከምቲ ሓደ ተመሃራይ ኣብ እዋን ልምምድ ንኹሉ ፈተና ዝሓልፎ፡ ሽዑ ግና፡ ኣብ እዋን ፈተና ርሳሑ (በሮኡ) ዝሰርዕ እዩ፣

- መራሕቶ ኣርሰናል፡ ልክዕ ከምቲ ከተውርዶ (download) ክትጉብሮ ዝጸናሕካ ቪድዮ 99% ምስ በጽሐ ኢንተርኔት ዝቋረጸካ እዩ፣

- ኣብ ነዊሕ ጉያ፡ ክሳብ መዛዘሚ ሕንጻጽ ብናህሪ ጎይዮም ይመርሑ'ሞ፡ ኣብ ኣጋ መዛዘሚ ላቺኦም ክኣስሩ ደው ምስ በሉ፡ መወዳድርቶም ይቕድምዎም፣

- ኣርሰናል ንተኸታታሊ ሰለስተ ወቕቲታት ካልኣይቲ ክትወጽእ፡ ልክዕ ከምቲ መወዳእታኣ እትፈልጣ ፊልም፡ ምናልባት ግና፡ እንተተቐየረት ኢልካ ብተስፋ ደጋግምካ እትርእያ ማለት እዩ፣

- ኣርሰናል፡ ክልተ ሳብ ንሊግ መራሒቶ፡ ከምዚ ክልተ ግዜ ተሓጺኻ መርዓ ክኣብየካ እንከሎ ማለት እዩ፣

- ኣርሰናል፡ ኣብ 2004 ናይ ሊግ ዋንጫ ክትወስድ እንከላ፡ ብዙሓ ህዝቢ ዓለም ኣስታት ሽዱሽተ ቢልዮን ነይሩ። ኣብ 2025 ግና፡ ናብ ሸሞንተ ቢልዮን ዓሪጉ። ክልተ ቢልዮን ህዝቢ ዓለም ድማ፡ ኣርሰናል ናይ ሊግ ዋንጫ ክትወስድ ርእዩዋ ኣይፈልጥን እዩ፣

- ኣርሰናል፡ ነዛ ዋንጫ ልክዕ ከም ኣላይት ቀልዓ ክትኣልያን ክትከናኸናን ጸኒሓ፡ ኣብ መወዳእታ ሓቀኛ ኣዲኣ 'ሲቲ' መጺኣ ወላዳ ክትእኽብ እንክላ እዩ፣ . . . ወዘተ እንታይ እሞ ዘይተባህለላን ዘይተባህለሎምን።

ዝሓለፉ ዓመታት ክልተ ግዜ (2022-23/2023-24) ብማን ሲቲ ኣብ ኣጋ መዛዘሚ ተገልቢጣ ካልኣይቲ ምስ ወጸት ድማ፡ ሓደ ናይ ውሸጢ ሃገር ደጋፊኣ 'ኣርሰናል፡ ቀደም ብጥዜና፡ ሕጂ ግና፡ ብጥዕናና እያ ትጻወት ዘላ' ክብል ኣማሪሩ ክዝረብ ሰሚዐዮ ነይረ።

ሕጂ ግና፡ ኣርሰናል ዋንጫ ክትዕወት ብዘይደልዩ ደገፍቲ ዝወሃብ ዝነበረ ጭርቃናት ኣብቂዑ፣ ተስፋ ከይቆረጹ ን22 ዓመታት ናይ ሊግ ዋንጫ ክተልዕል ዝተጸበዩዋ ደገፍታን ነዛ ዓወት ዘምጽኡ ተጻወትቲን መራሕታን፡ ሳላ ዘይሕለል ጻዕሮም ፍረ ጻማኦም ረኺቦም ኣብ ዓቢ ፈንጠዝያ ደርከቡ።

ኣርሰናል፡ ሎሚ'ውን ነቲ ኣቓዲማ ዝፈጸሙቶ ዘሎ ጉዕዞኣ ከይትደግሞ ተፈሪሑ ነይሩ። ምኽንያቱ፡ ንኣዋርሕ ዝመርሓቶ ሊግ፡ ኣብ ኣጋ መዛዘሚ ግጥማት ብሰሪ ዝኸሰረቶ ነጥቢ፡ ድሒራ ናብ ቁመና ንዝተመልሰት ማን ሲቲ ሻምላ መራሕነት ኣረኪባታ ነይራ። ሲቲ፡ ኣብ ኤቨርተን ነጥቢ ብምምቓላ ግና፡ ደጊማ ናብ መራሕነት ተመሊሳ - ኣርሰናል።

ሰሉስ ምሸት፡ ሲቲ ነጥቢ ብምኽሳራ፡ ኣርሰናል፡ ውድድር ክዛዘም ሓንቲ ጸወታ ተሪፉዎ እንከሎ፡ ብኣርባዕተ ነጥቢ በሊጻታ ኣላ። በዚ ድማ፡ ሰንበት ኣብ መዛዘሚ ናይቲ ሊግ ኣብ ሜዳኣ ብክሪስታል ፓላስ ተዓጃቢ ኣትያ፡ ዝምዝጉብ ውጽኢት ብዘየገድስ ንልዕሊ ክልተ ዕቑድ ዝተጸበየታ ጽዋእ ሊግ ክተልዕላ እያ። ን22 ዓመታት ዛንታ ናይቶም ንወቕቲ ምሉእ ከይተሳዕሩ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ 2003-04 ብምልዓል 'ዘይስዓሩ/Invincible' ዝብል ቅጽል ናይ ዝተዋህቦም ተጻወትቲ ኣርሰናል ክጽወዩም ጥራይ ዝሰምዑ ዝነበሩ ሓደስቲ (ድሕሪ 2004 ዝተወልዱ) ደገፍታ ድማ፡ ዋንጫ ክተልዕል ክዕዘብዋ እዮም።


ክሳብ ረቡዕ ሰዓት 5 መጋሕታ ኣብ ጽንበል ዝነበሩ ራይስ፡ ቲምበር፡ ኢዘን ሳካ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ከተማ ለንደን ዝነበሩ ጽንበል ደገፍቲ

*** ንናይ ዋንጫ ውድድር ዝወሰኑ ገለ ዓበይቲ ፍጻመታት**

**- ኣርሰናል፡ ኣብ ክራማት ዕምቈት ጋንታኣ ንምዕባይ ዝፈጸሞቶ መስርሕ**

ኣብ ክራማት የንገሽ ዘቢመንዲ፡ ሂንካፔ፡ ማድዌክን ኢዘን ዝርከብዎም ሸሞንተ ተጻወትቲ ሸሚታ። ካብ ብሰሩዕ ዝሰለፉ ዝነበሩ ተጻወትታ ድማ፡ ውዕሉ ዛዚሙ ዝተፋነወ ቶማስ ፓርተይ ጥራይ ወጺኡ።

እዚ ወቕቲ እናተረረ ብዝኸደ ከኣ፡ እዞም መሰርሓት ኣገዳስነቶም ኣመስኪሮም እዮም።

**- መመዓራረዪት ሽቶ ማርቲኔሊ ኣንጻር ማን ሲቲ**

ኣብ ወርሒ መስከረም፡ ኣርሰናል፡ ኣብ ሜዳኣ ብማን ሲቲ ክሳብ 93 ደቒቕ ተመሪሓ ነይራ። ማርቲኔሊ፡ ኣብታ ደቒቕ ዘመዝገቦ መመዓራረዪት ሽቶ ግና፡ ብኣጋኡ በታ ኣብቲ እዋን መራሒት ዝነበረት ሊቨርፑል ፍልልይ ከይገፍሕ (ሓሙሽተ ነጥቢ ነይሩ) ሓገዛ እያ። ስነ-ኣእምሮኣዊ ዕብላለ ሲቲ ኣብ ልዕሊኦም ከይነግስ'ውን ጉቲኡ። ናይቲ ተቐይሩ ዝኣተወ ሓዲሽ ተጻዋታይ ኢዘ ተራ ኣብታ ሽቶ ኣገዙ ኣገዳሲ ነይሩ።

**- መዕወቲ ሽቶ ማጋሃላስ፡ ኣብ ልዕሊ ኒውካስል**

ድሕሪ ሰሙን ምስ ሲቲ ማዕረ ምውጽኦ፡ ኣብ ሜዳ ኒውካስል ክሳብ መበል 83 ደቒቕ 1-ብ0 ተመሪሓ ነይራ። ኣብታ ደቒቕ ሚከል መሪኖ ኣመዓራርዩዋ፣ ጋብሪኤል ማጋሃላስ ድማ፡ ኣብ መበል 95 ደቒቕ ብዘቘጸራ ሽቶ 2-ብ1 ተዓዊታ።

ሊቨርፑል፡ ብክሪስታል ፓላስ 2-ብ1 ብምስዓራ ከኣ፡ ፍልልዮን ናብ ክልተ ነጥቢ ጎዲሉ።

**- 'ሃትሪክ' ኢዘ ኣብ ልዕሊ ቶተንሃም**

ኣብ ወርሒ ሕዳር፡ ኢዘ ሰለስተ ሽቶታት ብምምዝጋብ 'ሃትሪክ' ኣብ ዝሰርሓሉ፡ ኣርሰናል፡ ኣብ ናብ ሰሜን ለንደን ደርቢ ጸወታ ንቶተንሃም 4-ብ1 ሰዒራታ። ገና 12 ግጥማት ተኻይዱ እንከሎ፡ እዛ ጋንታ፡ ንማን ሲቲ ናይ ሽዱሽተ ነጥቢ ፍልልይ ከተንጸፈላ ብምኽኣላ ድማ፡ ዓቢ መኽሰብ ነይሩ።

**- ሕማቕ ምብጋስ ሲቲ ኣብ 2026ን ስዕረት ኣብ ናይ ደርቢ ጸወታን**

ሲቲ፡ ኣብ ሓዲሽ ዓመት 2026 ሕማቕ እያ ተበጊሳ፡ 1 ጥሪ ምስ ሳንደርላንድ ማዕረ ምስ ተፈላለየት፡ ምስ ቸልሲን ብራይተንን ብተመሳሳሊ 1-ብ1፡ ብናይ ደርቢ መቖናቕንታ ማን ዩናይትድ ከኣ፡ 2-ብ0 ተሳዒራ። 24 ጥሪ ግና፡ ንዎልቨስ 2-ብ0 ሰዒራታ። በዚ ከኣ፡ ኣብታ ወርሒ ክትእክቦ ካብ ዝነበራ 15 ነጥቢ፡ ሽዱሽተ ጥራይ እያ ኣኪባ፡ ኣርሰናል ብሰፊሕ ፍልልይ ክትመርሖ ድማ፡ ዕድል ኣጣጢሓትላ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብታ ዓመት መጸ ሕማቕ ግዜ ተሕልፈላ ወርሒ ሚያዝያ፡ ብሲቲ 2-ብ1 ክትስዓር እንከላ፡ ምስ ሃላንድ ግንባር ንግንባር ዝተፋጠጠ ማጋሃላስ፡ ብርእሱ ክሃርሞ ፈቲኑ ነይሩ፣ ሃላንድ ኣብ ዘለዎ ደው ብምባሉ ግና፡ ማጋሃላስ ካብ ቀይሕ ካርድ ድሒኑ እዩ። ምናልባት ብቀይሕ ካርድ እንተዝወጽእ ኣብ ዝስዕቡ ግጥማት ነቲ ዝመርሖ መስመር ምክልኻል ጋንታኡ ዓቢ ሃጓፍ ምፈጠረሉ።

ሲቲ፡ ኣብ ኤቨርተን ማዕረ ክትወጽእ ተኸላኺሊኣ ማርክ ጉሂ ዝፈጸማ ዋጋ ዘኽፈለታ ጌጋ፡ ተዓዊታ ምስ ኣርሰናል ማዕረ ካብ ምዃን ዓንቂጻታ እያ።

ብተወሳኺ፡ ሻር፡ ኣብ ዓወት ኣርሰናል ተራ ነይሩዋ እዩ ዝብሉ ወገናት ኣለዉ። 10 ግንቦት ኣብ ሜዳ ዌስት ሃም ኣብ ተወሳኺ መዛዘሚ ደቒቕ ሽቶ ተመዝገበዋ 1-ብ1 ወጺኣ ነይራ። እንተኾነ፡ ሻር፡ ኣብ ልዕሊ ሓላዊ ልዳት ኣርሰናል ዳቪድ ራያ በደል ተፈጺሙ ኢላ ሰሪዛታ። "ብልክዕ በደል እዩ፣ እንተኾነ፡ ተጻወትቲ ኣርሰናል ኣብዚ ወቕቲ ንሓለውቲ ልዳት እናደፍኡ ዘመዝገብዎን ሽቶታት ደኣ ንምንታይ በደል ዘይተጸውዑ?" ክኣ ሕቶ ተላዒሉ።

በዚ ኮይኑ ቡቲ ግና፡ 'ዘይስሕብ ጸወታ እትውንን ጋንታ ቀይሩዋ' እናተባህለ ብዙሕ ነቐፊታ ዝወረዶ ዓላሚኣ ሚኪኤል ኣርቴታን ተጻወትቱን፡ እታ ንምስጋራ ምሕር ኣብዮቶም ዝነበረት መስመር ሰጊሮም፡ ዋንጫ ኣምጺኦም ኣለዉ። ንመበል 14 ግዜኣ እያ ድማ፡ ናይ ሊግ ጽዋእ ተልዕላ ዘላ - ኣርሰናል። ትጽቢት ኣብቂዑ ኣሎ - እንቋዕ ሓጎሰኩም ደገፍታ።

ዝመጽእ 30 ግንቦት ከኣ፡ ኣብ ፍጻመ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ምስ ፒኤስጂ ዓቢ ፍናን ሰኒቓ ክትኣቱ እያ። እንተተዓዊታ ከኣ፡ ኣብ ታሪኽ ፋልመይቲ ሻምፕዮንስ ሊግ ክተልዕል እያ።


ሰንበት ኒታ ናይ ብሩቂ ዋንጫ ክሳብ ዘልዕሉ፡ ንግዚኡ ብምስሊ ዋንጫ ሓጎሶም ዝገለጹ ተጻወትቲ




ገለ ካብዚን ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ዝተዘርገሓ ኣሳእል ኮይና፡ ኣደን ወዳን ደገፍቲ ኣርሰናል፡ ኣብ 2004 ዝተሳእልዎ ንመወዳእታ ግዜ ዋንጫ ምስ ኣልዓለ፡ ምስታ ኣብ 2026 ዝተሳእልዎ ኣወሃሂዶም "ድሕሪ 22 ዓመታት ፈጺምናዮ" ክብሉ ዝጠቕዕዋ

# ዜና ዓለም

ሻዊት ተኽለ

## ቻይናን ሩስያን፡ ንውጥን ምክልኻል ኣመሪካ ይኹንና



መራሕቲ ቻይናን ሩስያን ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዘካየድዎ ሓባራዊ ዋዕላ፡ ‘ጎልደን ዶም’ ንዝተሰምየ ውጥን ምክልኻል ኣመሪካን ንዘይሓላፍነታዊ ፖሊሲ ኑክለስያዊ ኣጽዋር ናይ’ታ ሃገርን ከም ዘቖሑዎ ተሓቢሩ።

እዮም መራሕቲ ዝ ዘቖሑ፡ ፕረዚደንት ቻይና ሺ ጂን ፒንግ ንፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ርእሰ ከተማ በይጂንግ ድሕሪ ምእንጋዱ፡ ሓደ ሰሙን ጸኒሑ ትማሊ ረቡዕ ምስ ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ድሕሪ ምርኻቡ እዩ።

ሺን ፑቲንን፡ ትራምፕ ኣብ ምድርን ህዋን ዝተመርኮሰ መጥቃዕቲ ሚሳይል ንምብርዓን ዝሓንጸጾ ውጥን፡ ንዓለምለኻዊ ስትራተጂያዊ ምርግጋእ ሓደጋ ዘስዕብ ምኳኑ’የም ኣጠንቂቖም።

ብዘወሰኽ፡ እቲ ኑክለስያዊ ኣጽዋር ኣመሪካን ሩስያን ዝድርት ዝነበረ ኣብ ዝሓለፈ ለካቲት ዘብቀዐ’ሞ ብመንግስቲ ሩስያ ንሓደ ዓመት ክናዋሕ እማመ ቀሪቡሉ ዝነበረ ውዕል ‘ኒው ስታርት’ ብምብቃዑ’ውን ክልተኦም መራሕቲ ዘለዎም ቅረታ ኣስሚዖም።

ሺ ምስ ትራምፕ ዘካየዶ ዋዕላ ብዓቢኡ ኣብ መንጎ ክልተኣን ሓያላት ሃገራት ዓለም ዘሎ ወጥሪ ንምህዳእ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ምስ ፑቲን ዝገበሮ ርክብ ግን፡ ዝምድና ክልተኣን ሃገራት ብዘይ ዝኾነ ደረት ምዕባለታት ዘርእየሉ ዕድላት ንምፍጣር ዝዓለመ እዩ ነይሩ።

ይኹን’ምበር፡ ኣብ’ቲ ክልተኦም ወገናት ንዓመታት ክዘራረቡሉ ዝጸንሑ ሓድሽ መስመር ተፈጥሮኣዊ ጋዝ (ሳይቤርያ 2)፡ ዝጥቀስ ምዕባለ ከም ዘይተራእየ እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

## ሊባኖስ - ብመጥቃዕቲ እስራኤል 21 ሰባት ሞይቶም

ትማሊ ሰሉስ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ኣየር፡ ብውሕዱ 21 ሰባት ከም ዝሞቱ ሚኒስትሪ ጥዕና ማዕከናት ዜናን ናይታ ሃገር ሓቢሮም።

ዓሰርተ ክልተ ካብ’ቶም ኣብ ከተማ ደይር



ቃኑን ኣልናህር ኣብ ዝርከብ ሓደ መንበሪ ቤት ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ዝሞቱ ሰባት፡ ቆልዓ ሰበይቲ ከም ዝኾኑ ድማ ገሊጾም።

ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል ነቲ መጥቃዕቲ ኣመልኪቱ ዝሃቦ ርእይቶ እኳ እንተ ዘየለ፡ ቅድሚ ሕጂ ግን ኑቲ ብኢራን ከም ዝድገፍ ዝነገረሉ ሕዝቦላህ ዒላማ ይገብር ከም ዘሎ ገሊጹ ነይሩ።

ሕዝቦላህ ብወገኑ፡ ንገለ ክፋል ደቡባዊ ሊባኖስ ዝሓዙ ሓይልታት እስራኤል ኣብ ዘጥቅዓሉ ዝነበረ እዋን፡ ሓደ ወተሃደር እስራኤል ከም ዝቐተለ ገሊጹ።

እዚ መጥቃዕቲ፡ ኣመራጹ ሊባኖስን እስራኤልን ተኹሲ ደው ናይ ምባል ስምምዕ ብ45 መዓልታት ንምንዋሕ ከም ዝተረዳድኣ ድሕሪ ምግላጽ ሓደ ሰሙን ኣብ ዘይመልእ እዋን’ዩ ዝፍጸም ዘሎ።

እስራኤልን ሕዝቦላህን ቅድሚ ሓሙሽተ ሰሙን ብመንጎኛነት ኣመሪካ ዝተበጽሐ ተኹሲ ደው ናይ ምባል ስምምዕ ተግባራዊ ካብ ዝኸውን ንደሓር፡ ምልውዋጥ ተኹሲ ሓሓሊፎም ከኪይዱ ምጽንሖም ይፍለጥ።

ብፍላይ ድማ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ፡ ደብዳብ ነፈርቲ እስራኤል ለይትን መዓልትን ይቕጽል ከም ዘሎ ይሕበር።

እስራኤል፡ ንዕጡቕ ጉጅለ ሕዝቦላህ ዒላማ ገይራ ትሰርሕ ከም ዘላ ክትገልጽ እኳ እንተ ጸንሐት፡ ደቂ ኣንስትዮን ህጻናትን ዝርከብዎም ሰላማውያን ሰባት ግን ብዙሕ ግዜ ክቕተሉ ጸኒሖም እዮም።

ድሕሪ ምጅማር ኩናት ኢራን፡ ኣብ ሊባኖስ ብውሑዱ 3,094 ሰባት ብመጥቃዕቲታት እስራኤል ከም ዝተቐትሉ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ናይታ ሃገር የመልክት።




## ኢራን፡ ክንየ ማእከላይ ምብራቕ ከተጥቅዕ ከም እትኽእል ኣጠንቂቃ

ኣመሪካ ዳግማይ መጥቃዕቲ እንተ ጀሚራ፡ ኢራን፡ ኑቲ ኣብ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ጥራይ ተሓጺሩ ዝጸንሐ ኩናት ናብ ካልእ ክፋል ዓለምና ክተስፍሖ ምኳና፡ ሓለዋ ሰውራ ኢራን ከም ዘጠንቀቐ ተሓቢሩ።

ሓለዋ ሰውራ ኢራን ብመንገዲ መንግስታዊ ማዕከን ዜና ሃገሩ ኣብ ዘርገሖ መግለጺ፡ “ዳግማይ ኣብ ልዕሊ ኢራን መጥቃዕቲ እንተ ተፈጺሙ፡ እቲ ቃል ዝተኣተወሉ ዞባዊ ኩናት ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ክኸውን’ቲ ዞባ ክዝርጋሕ’ዩ” ኢሉ።

ኢራን፡ ኣብ’ዚ ሰሙን’ዚ ሓድሽ እማመ ሰላም ንኣመሪካ እኳ እንተ ኣቕረበት፡ እቲ እማመ ግን ምስ’ቲ ቅድሚ ሕጂ ብትራምፕ ዝተነጸገ እማመታት ዝመሳሰል ምኳኑ እዩ ዝግለጽ።

ዘሎ እገዳ ክለዓሎ፡ ዝደስከለ ፊናንሳዊ ሕሳባታ ክተንቀሳቐሶ ክፍቀደሉ ከምኡ’ውን ሰራዊት ኣመሪካ ካብ’ቲ ዞባ ክወጽእ ዝብል እዩ።

ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ኢራን ሓድሽ ወተሃደራዊ ወፍሪ ክእዝዝ ምኳኑ ዝሓለፈ ሰሉስ ገሊጹ እኳ እንተ ነበረ፡ “ንዲፕሎማሲ ዝያዳ ግዜ ንምሃብ” ብዝብል ሓሳብ ግና፡ ኣብ መወዳእታ ደቒቕ ኑቲ ወፍሪ ከም ዘናንዮ ገሊጹ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ድሒሩ ኣብ ዝተኻየደ ዲፕሎማሲ ምዕባለታት፡ ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት ፓኪስታን ናብ ኢራን ከም ዝኣተወ፡ ኣገልግሎት ዜና ኢራን ‘ታስኒም’ ሓቢሩ።

ፓኪስታን ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ንዝርርብ



ገለ ካብ’ቲ ኢራን ኣብ’ዚ ሓድሽ እማመ ዘቕረበቶ ጠለባት፡ ንመጽኣጦ ሆርሙዝ ዳግማይ ክትቆጻጸሮ፡ ካሕሳ ናይቲ ብኩናት ዝወረዳ ክሳራታት ክትክፈል፡ ኣብ ልዕሊኣ ሰላም ኣመሪካን ኢራንን ዘአንግደት ሃገር ኮይና፡ ኣብ መንጎ ክልተኣን ተቛናቓንቲ ሃገራት መልእኽቲ ከተመሓላልፍ ምጽንሓ ይፍለጥ።

## ብሪጣንያ፡ እገዳ ነዳዲ ሩስያ ብኸፊል ኣልዒላቶ



መንግስቲ ብሪጣንያ፡ ብሰንኪ ኩናት ኢራን ዕጽዋ መጽኣጦ ሆርሙዝ ኣብ ዝቐጸለሉ ዘሎ እዋን፡ ኣብ ልዕሊ ኣብ ሳልሳይ ሃገራት ዝጸረ ነዳዲ ሩስያ ተኣቢሩ ዝጸንሐ እገዳ ከም ዘፍኸሰ ገሊጹ።

እቲ ካብ ትማሊ ረቡዕ ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ዝወዓለ ፍቓድ ንግዲ ንዘይተወሰነ ግዜ ዝጸንሕ ኮይኑ፡ ብመሰረት ክፍሊ ንግዲ ዓብይ ብሪጣንያ በብእዋኑ ክግምገም ምኳኑ ተሓቢሩ።

በዚ ድማ፡ እዚ ሓድሽ ፍቓድ ንግዲ፡ ዓብይ ብሪጣንያ ኣብ ከም ህንዲን ቱርኪን ዝኣመሰላ ሃገራት ዝጸረ ነዳዲ ሩስያ ሸምጊታ ከተእትዎ ክትክእል እያ።

መንግስቲ ብሪጣንያ ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ካብ ዝተወሰኑ ትካላት ሩስያ ዝመጽእ ተፈጥሮኣዊ ጋዝ ተኣቢሩ ንዝነበረ እገዳ ዝጥሕስ ግዝያዊ ፍቓድ ንግዲ ኣውጺኡ ኣሎ።

ብሪጣንያን ካልኦት ምዕራባውያን ሃገራትን፡ ኣብ 2022 ድሕሪ ምጅማር ኩናት ዩክሬን፡ ንልዕሊ 3 ሽሕ ውልቀ ሰባትን ኩባንያታትን ዒላማ ዝገበረ ጽኑዕ እገዳ ኣብ ልዕሊ ሰደድ ነዳዲ ሩስያ ከም ዘንበራ ይፍለጥ።

እዚ ሓድሽ ውሳኔ ኣመሪካ ኑቲ ድሮ ኣብ ባሕሪ ዝርከብ ጽዕነታት ነዳዲ ሩስያ ዝዕቡቶ ምሕረት ሰዒቡ ዝመጸ እዩ።

ድሕሪ ኩናት ሩስያ-ዩክሬን ሓንቲ ካብ’ተን ዝሓየላ መሓዙት ዩክሬን ዝኾነት ብሪጣንያ፡ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ዘንበረቶ እገዳ ኣብ ዓለም ሓደ ካብ’ቶም ዝሸበዱ እገዳታት ኮይኑ ከም ዝቕጽል ኢያ ከተጠንቕቕ ጸኒሓ።

ተረኛ ፋርማሲ: ፋርማሲ ኪዳነ-ምህረት
ዕለት: 21/05/2026
ጎደና: ጎደና ሰሓርቲ- 835 ቁ.155፡ ከባቢ ቤ/ትምህርቲ ሰምበል
ቁ.ስልኪ: 07113046
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565